ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 339 05 ነሓሰ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ስሉስ

ገጽ 4
ትምህርቲ - ፈወሲ ቃንዛ ኣደላዪን



ገጽ 5
ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ መዛሙትን ተወፋይነትን

ገጽ 8
ተኽሊ ወይኒ



ገጽ 10
ህልኽ ሳምሱንግን ኣፕልን ናበይ ገጹ?



ገጽ 11
ሳምፓርድ ናብ ማሲቲ ኣቕኒዑ



# መበል 16 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንዲናቭያ፡ ብድምቀት ተዛዚሙ





"ባህርያውን ሰባውን ጸጋታት ኤርትራ፥ ኣብ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ ብ31 ሓምለ ዝተኸፍተ መበል 16 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንዲናቭያ፡ ልቢ ነጋድያን ብዘረስርስ መሰናድኦታት ንኣርባዕተ መዓልታት ክቕጽል ድሕሪ ምቕናዩ፥ ብ3 ነሓሰ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ መንፈስ ሓድነትን ተዛዚሙ።

ኣብቲ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ዜጋታት ዝተረኸቡሉ መዕጸዊ ስነ-ስርዓት፡ ጸሓፊት ኣወሃሃዲት ሸማግለ በዓላት ኣብ ስካንዲናቭያ ወይዘሮ ጽገረዳ በርሀ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ንምዕዋት ምሉእ ዘይጉዱል ቀረብ ንዝዓለዋ ውዳቤታት ስቶክሆልም ብምምስጋን፡ ኣገዳስነት ናይቲ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ኣብ ምድንፋዕ ሓድነት፡ ምዕቃብን ምውርራስን ባህልን ክብርታትን ልዑል ምኳኑ ኣብሪሃ።

ኣብ'ዚ ካብ ኩለን ሃገራት ስካንዲናቭያ፡ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝመጹ ልዕሊ 10 ሽሕ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ደቂ ሓደ ልቢ፥ ንጋበይቲ፡ መንእሰያትን ቈልዑን ዘሳትፉ፥ ዘስተምህሩ፥ ንቕሓት ዘበርኹን ዘዘናግዑን - ሞያዊ ኣስተምህሮታት፡ ሰሚናራት፡ ስእላዊ ኤግዝቢሽን፡ ምርኢት ቅዲ ክዳን፡ ውድድር ዳሳት ካልኦትን መደባት ከምዝቐረቡን ብተሳተፍቲ ኣድናቖት ከምዝረኸቡን፡ ልኡኽ ሚኒስትሪ ዜና ካብ ከተማ ስቶክሆልም ሓቢሮም።

ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት ዝተወልደ ፈስቲቫላትን ብባህላዊ ንጥፈታት ዝደምቐ ሃገራዊ ምትእኽኻባትን ኤርትራ፥ ጉሉሕ መርኣያ ስጡም መሰረት፡ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪን ኣብ ብዙሕነትና ዘሎ ጽባቐን ምኳኑ ዝጠቐሱ ተሳተፍቲ፡ "ንእንውንን ክቡር ጸጋ ማሕበራዊ ስኒትን ወህደትን ብኽብሪ ክንጥምቶ፡ ዝያዳ ከነሰስኖን ከም ብሌን ዓይንና ክነሐልዎ ኢና" ክብሉ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኖቲ ፈስቲቫል ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ ውዳቤታትን ኣባላትን ወረቓት ምስጋና ድሕሪ ምዕዳል፡ ጣንዴራ ኤርትራ ብሃገራዊ መዝሙር ተሰንያ ካብቲ ንራብዕቲ ተሰቒላትሉ ዝቐነየት ዘንጊ ሓቂ ብኽብሪ ወሪዳ።

# ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት፡ ኣብ ከተማ ሓጋዝ ዝምስገን ልምዓታዊ መደባት የሰላስሉ

ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት፡ ኣብ ከተማ ሓጋዝ ዝተፈላለዩ ልምዓታዊ መደባት የሰላስሉ ከምዘለዉ፥ ኣወሃሃዲ መደብ ወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር እድሪስ ዓብዱ ገሊጹ።

ንኡሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መምህር እድሪስ፥ እቶም ተመሃሮ ካብ 7 ሓምለ ጀሚሮም ኣብ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምጽጋን ጽርግያታት፡ ምግራብን ምዅዓት ካናሌታትን ንሻምብቆታት ማይን ዝጠቓልል ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

ካብ ኣለይቲ - መምህር ተኽለኣብ ብርሃን ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ እቲ ወፍሪ ብዘይካ'ቲ ዝዕመም ልምዓታዊ ስራሕ፡ ኣብ ተመሃሮ ፍቕርን ሓልዮትን ከምኡ'ውን ተመኩሮን ፍቕሪን ስራሕ ስለዘስርጽ፡ ድርብ ብልጫታት ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

ወፋሪ ብወገኖም፡ ብመምህራኖምን ካልኦት ኣለይቲ ናይቲ ስራሕን ንዝግበረሎም ሓገዝን ናብዮትን ብምምስጋን፡ ብበዓሎም፡ ብወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ዝሰላሰል ዘሎ ዕዮ፡ ኣብ ልምዓት ከተማ ሓጋዝን ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘለዎ ተራ ብቐሊል ከምዘይጥመት ገሊጾም።

ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ማይ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ሃይለ ጉብረመድህን ብወገኑ፥ ኣብታ ከተማ ሽግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምፍታሕ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ እቲ ስራሕ ብወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ይቕጽል ከምዘሎ ጠቒሱ፥ ዓቢ ኣሳልጦ ረኺቡ ምህላዉ ኣነጺሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣኪያዲ ወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ እንጂኔር መርሃዊ ተስፋይ ድማ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ 240 ተመሃሮ ተዋፊሮም ምህላዎም፡ ዛጊት ድማ ኣብ ግላስ ልዕሊ ኣርባዕተ ሽሕን 400 ሜትር ኩብ ኩትርታት ከምእተሰርሐ ብምጥቃስ፡ ኣብ ከተማ ሓጋዝ'ውን ልዕሊ 630 ሜትሮ ካናሊታት ተኳዒቱ ሻምብቆታት ማይ ከምእተዘርግሐ ሓቢሩ።

# ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ተርእዮ ዓሶ ብ98 ሚእታዊት ኣጕዩ

ብዝተኻየደ ጻዕሪን ጉስጓስን፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ብልዕሊ 98 ሚእታዊት ከምዝነከየ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ'ቲ ዞባ ዶክተር የውሃንስ ተኸስተ፡ ብምኽንያት ሃገራዊ ቅነ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ምስ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ገሊጹ።

ዶክተር የውሃንስ ኣብ መግለጺኡ፡ ሕማም ዓሶ ዓመት መጸ ብለበዳ መልክዕ ስለዝኸሰተ፡ ን375 ሚእታዊት ካብ መሬትናን 67 ሚእታዊት ካብ ህዝብና ብምጥቃዕ፡ ኣብ ህይወትን ማሕበራ-ቊጠባን ህዝቢ ዓቢ ዕንወት ከኸትል ምጽንሑ ብምጥቃስ፣ ሚኒስትሪ ጥዕና ካብ 1999 ኣትሒዙ ሃገራዊ ዋዕላ ብምክያድ ብዝነደፎ ናይ ፈለማ 5 ዓመት ውጥን፡ መጠን ሕማምን ሞትን ብ80 ሚእታዊት ንምጉዳል ሓያል ጻዕሪ ከካይድ ከምዝጸንሐን ዕዉት ውጽኢት ከምእተረኽቦን ኣረዲኡ።

ዶክተር የውሃንስ ኣስዒቡ፣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እቲ ሕማም ብደረጃ ሃገር ብልዕሊ 90 ሚእታዊት፡ ብደረጃ ዞባ ድማ ብልዕሊ 98 ሚእታዊት ከምዝነከየ፣ እዚ ዓወት'ዚ ድማ ብሓያል ጻዕሪ ክኢላታት ጥዕናን ንቑሕ ሱታፌ ህዝብን ከምእተመዝገበ ብምምልካት፣ ኣብ'ቲ ዞባ ብሓፈሻ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ዓሳው ዝኾነ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ድማ ብፍላይ፣ ኣብ ምውሓስ ጽሬት ከባቢን ተጠቃምነት ናሙስያን ዘተኰረ ጉስጓስ ክብ ክብል ተላብዩ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራድ፡ ንምርባሕ ጣንጡ ዝዕድም ሓላሊፉ ዝርአ ጉሓፍ ብምድፋን ጽሬት ከባቢ ኣብ ምውሓስ ከም ወትሩ ድሉዋት ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

# ልዕሊ 4.5 ሚልዮን ፈልሲታት ኣብ መላእ ሃገር ይትከል ኣሎ



ብበዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝተዳለወ 4.5 ሚልዮን ፈልሲታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ሃገርና ይትከል ከምዘሎ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ በዓል ስልጣን ኣቶ ኣብርሃ ጋርዛ ንኤሪና ሓቢሩ።

ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ብምውህሃድ፡ ሃገራዊ ሕዛእትን ዕቃበ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ንምምዕባል፣ ተርእዮ ብርሰት ኣግራብ ንምቁጽጻር ብዕቱብ ይስራሕ ከምዘሎ ዝገለጸ ኣቶ ኣብርሃ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማኡ - ሽፋን መሬት ናብ ንቡር ንምምላስን ንምቁጽጻርን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ በዓል ስልጣን ሓላፊ ምዕቃብን ልምዓትን ኣግራብ ኣቶ እዮብ ዘርእማርያም ብወገኑ፡ ነቲ ብበዓመቱ ዝካየድ መደብ ክረምታዊ ወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ ንምዕዋት ኣብ 35 መደበራት ፈልሲ ዝተዳለወ ልዕሊ 39 ዓይነታት ፈልሲ ናብ ዝተመደበሉ ቦታታት በጺሑ ይትከሉ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ገረብ ኪኖ'ቲ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘለዎ ተራ፡ ኣብ ስርዓት ምስትንፋስ ህይወታውያን'ውን ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ብቐሊል ክጥመት ከምዘይግባእ ኣረዲኡ።

ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ንዝተተኽለ ፈልሲታት ምክትታል ከም ዝግበረሉ ዝሓበረ ኣቶ እዮብ፡ ከም ውጽኢቱ ዛጊት ብደረጃ ሃገር ካብ ዝተተኽለ 60 ሚእታዊት፡ ብተመሃሮ ብማሕበራት፡ ሚኒስትሪታትን ውልቀ-ሰባትን ካብ ዝተተኽለ ከኣ 95 ሚእታዊት ጸዲቑ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብ ብምምልካት፡ ምስ ማእከል ካርታን ሓበሬታን ኤርትራ ብምውህሃድ ብዝተኻየደ ውሁድ ስራሓት፡ ዛጊት 40 ሽሕ ሄክታር ብኣግራብ ተሸፊኑ ከምዘሎ ኪረጋገጽ ከም እተኻእለ ኣብሪሁ።

ነቲ ብበዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝተዳለወ ፈልሲታት ንምትካል፡ ኣብ 44 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝተዘርግሐ 148 ነቑጣታት ልዕሊ 32 ሽሕ ተመሃሮ ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ተዋፊሮም ምህላዎም፡ እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።

# ሓረስቶት ጎልጅ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታቶም ብወሃደት ከሰላስሉ ማዘኻኸሪ ቀረቡ

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ጥቡ ዝበሉት ማይ ኣብ ምዓል ብምውዓል እቶታውነት ብምድንፋዕ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ ምስ ወቕቲ ማሕረስ ብምቕዳዎም ኣብ እዋኑ ክዘርኡ፡ ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓብዱ መሓመድ ተልክ ኣዘኻኺሩ።

ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢን ሓላፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣቶ ዓብዱ፡ ምጅራፍን ምዝላይን ግራውቲ፡ መሰረት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሓረስቶት ኣብ ማእከል ግራውቶም ንዘርእ ምሽርሻር ንምፍዋስ ናይ ምዝላይን ምጅራፍን ልምዲ ከጥርዩ፡ ድሕሪ ምዝራእ ድማ ዕቱብ ናይ ምጽሃይን ምክትታልን ስርሓት ከሰላስሉ ተላቢዩ።

"ምጽሃይ ግራት፡ መሰረት ብርኩት እቶት'ዩ" ዝበለ ኣቶ ዓብዱ፡ ሓረስቶት ቀዳምነት ሂቦም ብትግሃት ክሰርሑሎም ካብ ዝኾነቦም መደባት ማሕረስ ከምዘኾነ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብኣግኡ ክዘርኡ ምእንቲ - ምድላው ትራክተራት ብኣጋ ክሕሰበሉ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ብርትዓዊ ዋጋ ምሩጽ ዘርኢ ከቕርበሎም፡ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ምጅራፍን ምዝላይን ኣብ ክንዲ ብትራክተራት ጥራይ፡ ብከበድቲ ማሽነሪታት'ውን ዝኾኑ ኩነታት ክፍጠር ዝበል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

# ኣብ ክረምታዊ ልምዓት ዝሳተፉ ዘለዉ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ዝተዋህቦም ዕዮ ብኣድማዕነት የሰላስሉ

ኣብ መደብ ክረምታዊ ልምዓት ዝሳተፉ ዘለዉ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ዝተዋህቦም ዕማም ሕርሻዊ ንጥፈታት ብኣድማዕነት የሰላስሉ ከምዘለዉ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

እቲ ስራሕ ብቐንዱ ኣብ ምስሳን ባህርያዊ ኣግራብን ምድንፋዕ ዝተኸለለ ሕዛእቲን ምዃኑ ዝጠቐሱ እቶም ተመሃሮ፡ እቲ ስራሕ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ልምዓት ኣከባቢ ዕላማኡ፡ ተመኩሮን ባህሊን ስራሕ ዘቕስም ብልጫ ከምዘለዎ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ቡብግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ወፈራ ክረምታዊ ማእቶት፡ ኣብ ምፍዋስ ማይ ክዕ፡ ምሽፋን ቀላጥ ቦታታት፡ ምክልኻል ፍግረ-መሬትን ምዕቃብ ትሕዝቶ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲን ዘለዎ ኣስተዋጽኦ ልዑል ምዃኑ ተረዲኦም ይሰርሑ ከምዘለዉ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንዘጀመርዎ ስራሕ ብዝለዓለ ወሃደትን ትግሃትን ክዓምዎ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ከባቢ እምባይቶ ነቲ ወፍሪ ዝከታተል ዘሎ መምህር ክፍለ ወልዱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክረምታዊ ወፍሪ ልምዓት ተመሃሮ፡ ነቲ ብክልሱ ሓሳብ ዝወሃብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ምስ ግብሪ ዘሳኒ ባህሊ ስራሕን ዓያይነትን ዝኹስኩሰን ከምዝኾነ ብምምልካት፡ ብጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ንዝተዋህቦም ዕማም ብግቡእ ይፍጽምዎ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

ክኢላ ምግራብ ኣቶ ተስፎም ማሰፍን ብወገኑ፡ ኣብ ከባቢ እምባይቶ - ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ኣብ 50 ሄክታር ብተሳትፎ ሓደ ሽሕ ተመሃሮ ኣስታት 26 ሽሕ ፈልሲታት ከምእተተኽለ ብምሕባር፡ እቲ መደብ ከምቲ ዝተወጠኖ ይሳለጥ ከምዘሎ ኣነጺሩ።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

saha@zena.gov.er

ቊ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

bife@zena.gov.er

ቊ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ


## ሓጺር መልእኽቲ ብዛዕባ ዒሶ

ሕማም ዒሶ ካብ ሕማም ዒሶ ዝሓመመ ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ብመንከሲቲ ኣናፊልስ ዝተባህለት ኣንስተይቲ
ጣንጡ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ሕማም ኢዩ።
ቀንዲ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ዒሶ ድማ፡

- ቁርቁሪ የብል
- የንቀጥቅጠካ (ጉበኢ ይሕዘካ)
- ርእሲ የሕምም
- ሸውሃት ይዓጹ ማለት ናይ ምብላዕ ድሌት ኣይህልወካን
- ድሕሪ ብርቱዕ ረሃጽ የርሕቐ
- ይቖራጥመካ (መብዛሕትኡ ኣብ መላግቦታትን ጭዋዳታትን)
- ዝበላዕካዮን ዝሰተኻዮን የምልሰካ . . .ወዘተ።

ስለዚ ዝኾነ ሰብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምልክታት ወይ ስምዒታት ኣብ ነብሱ ይኹን ኣብ ስድራቤቱ ምስ ዝስዕብ ተቐላጢፉ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ መደበር ጥዕና ቀሪቡ ዘድሊ መርመራ ብምግባር ብግቡእ መድሃኒት ሕማም ዒሶ ወሲዱ ክፍወስ ይግባእ።
ሚኒስትሪ ጥዕና




ኢንጂ. ርስቶም በረኸት

# ባንክ ሃገራት ብሪክስ፡ ሰጋኣት ንባንክታት ምዕራብ




ብጉጅለ ብሪክስ(BRICS) ዝፍለጣ ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዘየዳኣ ዋዕላ ሓደ ሓድሽ ባንክ ምዕባለ (NDB) ከምዝመስረታ ብዜና ተሓቢሩ ነይሩ'ዩ። ኣብዚ ምትእኽኻብ ተጠርኒፈን ዘለዋ ሃገራት ብራዚል፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን'የን። እዘን ሃገራት ካብ 15-17 ሓምለ ኣብ ብራዚል ኣብ ዘየዳኣ 6ይ ስሩዕ ኣኼበየን ድሕሪ ነዊሕን ዓሚቕን ክትዕ ነዚ ባንክ ንምምስራት ተሰማሚዐን። ብመሰረት ኣብቲ ዋዕላ ዝተበጽሐ ስምምዕ እቲ ባንክ ኣሰታት 100 ቢልዮን ርእሰማል ክህልዎ'ዩ። በዚ ድማ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ተመሳሰልቲ ባንክታት ዓለም ክኸውን'ዩ። ቀንዲ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ሻንጋይ(ቻይና) ክኸውን'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ'ውን ዞባዊ ጨንፈር ክህልዎ'ዩ። ንኣባልነት ዝምልከት ድማ ንኹለን ኣብ ትሕቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጥርነፋ ሃገራት ክፉት'ዩ።

እዚ ፋይናንሲያዊ ትካል፡ ዕላማኡ ብባንክ ዓለም ሰፊኑ ንዝጸንሐ ፋይናንስያዊ ዕብለላ ንምግታእ ወይ ድማ ብውሕዱ ከም ኣማራጺ ኮይኑ ንምግልጋል'ዩ። ሃገራት 'ብሪክስ' ነዚ ሓድሽ ባንክ ክምስርታ ዝደረኸን ቀንዲ ምኽንያት፡ ብኣሰራርሓ ናይቲ ብኣመራጺ ዘውሃን ባንክ ዓለም ዕጉባት ዘይምጽንሐን'ዩ። እዘን ሃገራት፡ ባንክ ዓለም፡ ኣብ ኣገደስቲ ቀጠባዊ ውሳኔታት ኣሳታፍን ርትዓውን ከምዘይከነን'የን ብቐጻሊ ክወቕሳ ጸኒሐን። ካልእ እዘን ሃገራት ዝተሰማምዓሉ ውዕል፡ ናይ 100 ቢልዮን ዶላር ባጀት ዘለዎ ማዕከን ገንዘብ ምምስራት'ዩ። ኣብዚ ማዕከን ዝቕመጥ ገንዘብ ናይ ሓፍር ኩይኑ ባጤራ ናይዘን ሃገራት ኣብ ፋይናንሲያዊ ዕዳጋ ንኸይዳኸም ኣብ ምክልኻል ዘውዕል'ዩ። እዚ ከኣ ነቲ ካብ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ (IMF) ዝርከብ ዝበረ ፊናንሲያዊ ልቓሕን ካልእን ዝትክእ ስምምዕ'ዩ። እዞም ክልተ ፋይናንስያውያን ትካላት ኣብ 2015 ክጀምሩ ምዃኖም'ዩ ትጽቢት ዝግበር።

ብመሰረት ተዓዘብቲ፡ እዚ ብሃገራት ብሪክስ ዝተበጽሐ ስምምዓት፡ ዓለም ካብ ሓደ ቀጥባዊ ናብ ብዙሓ-ቀጥባዊ ስርዓት ትቕየር ከምዘላ ዘመልክት'ዩ። ብምዕራብ ክዕበለል ዝጸንሐ ስርዓት ባንክን ጉዳያት ባጤራን ክቡዳህ ምዃኑ ከኣ እቶም ተዓዘብቲ የረድኡ።

ሃገራት ብሪክስ፡ ኣብ ምፍልፋል ሓያሰቲ ጠቕምቲ ሓሳባትን ፋይናንስያዊ ስርዓት ሰደድን እታውን ክተሓጋገዛ ተሰማሚዐን'የን። ብመሰረት ማእከል ኣህጉራዊ ጉዳያት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሃገራት ብሪክስ ዝተዛረራሉ ዛዕባ ኣገዳሲ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን መብዝሕትኦም መደባት ገና ይፍልሙ ስለዘለዉ ርእይቶ ምሃብ ኣጸጋሚ ከምዝኾነ'ዩ ዝዘረቡ። ሓድሽ ባንክ ልምዓት(NDB) ኣገዳሲ ካብ ዝኾነሉ ርጃሒታት ሓደ፡ ሃገራት ብሪክስ ከም ሓደ ጉጅለ ንኽሰርሓ ዓቕሚ ዝፈጥረለን ምዃኑ'ዩ። እዚ ከኣ ምስቲ ባንክ ዓለም፡ ኑተን ብጂ-20 ዝፍለጣ ሃገራት ውሳኔታት ንምትግባር ዝሕግዘን ክሰጻር ይኽእል። ሓድሽ ባንክ ልምዓት'ውን ሃገራት ብሪክስ ቃላተን ኣብ ምትግባር ኣገዳሲ ተራ ክጻወት ምዃኑ እቲ ማእከል ይገልጽ። ካብዚ ሓሊፉ እቲ ባንክ ነዘን ሃገራት ኣብ ናይ ሓባር ዕማም ከምዝሰጥማ ብምግባር ንቀጠባ ዓለም ንምጽላው መሳርሒ ክኸውን'ዩ። ኣብ መንጎ ሃገራት ብሪክስ ክህሉ ዝኽእል ንግዳዊ ዝምድናታት ኣብ ምሕያል እዚ ሓድሽ ባንክ ልምዓት ኣገዳሲ ተራ ክጻወት ምዃኑ'ውን እቲ ካልእ ዝውሃብ መግለጺ'ዩ። ብመሰረቱ ኣብ መንጎ ሃገራት ብሪክስ ዘሎ ንግዳዊ ልውውጥ ዓቢ'ዩ። እንተኾነ ኣብዚ ክጥቀስ ዝኽእል ብራዚል፡ ሩሲያ፡ ህንዲን ደቡብ ኣፍሪቃን ምስ ቻይና ክጉብራኦ ዝጸንሓ ንግዳዊ ልውውጥ ጥራይ እዩ። ኣብ ነንሕድሕደን ዝጉብራኦ ንግዳዊ ልውውጥ ግን ውሱን'ዩ ጸኒሑ። ተመራመርቲ ሰነቀጠብ ከምዝገልጽዎ ግና እዚ ሓድሽ ባንክ ኣብ መንጎ'ዘን ሃገራት ዝተዛሕቐ ንግዳዊ ልውውጥ ንኽህሉ መንገዲ ክኸፍት'ዩ።

ኣብ ሎንደን፡ ቤት ትምህርቲ ስነቀጠብን ፖለቲካዊ ስነፍልጠትን ፕሮፌሰር ኣህጉራዊ ዝምድናታት ላውረን ኤም ፊልፕስ ግን ዝተፈልየ ሓሳብ'ዩ ዘለዋ። ንሳ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ብሪክስ ዘሎ ዝተፈላለየ ዘዩራኸበን ረቛሒታት ንዕወት ምትሕብባርን ኣድማዒ ስራሕን ናይዘን ፋይናንሳውያን ትካላት ከይዕንቅፎ ትሰግእ። ነዚ ንምብራህ ከኣ ንኣመሰራርታ ባንክ ዓለምን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ከም ኣብነት ትገልጽ። "እዞም ትካላት ዝመስረታ ሃገራት መሓዙት ዝነበራን ተሓባበረን እንተዘይሰራሐን ብዙሕ ክሰርሑ ዘኽእላን'የን። ስለዝኾነ ከኣ ንረብሓአን ክበላ ኣብ ናይ ሓባር ዕላማ ኣትየን ክሰርሓ ይግደዳ።" ክኣ ትብል። ላውረን፡ ሃገራት 'ብሪክስ' ውሱን ናይ ሓባር ረቛሒ ከምዘለወን'ያ ትገልጽ። እቲ ተወሲዱ ዘሎ ውሳኔ ኣገዳሲ ምዃኑ ከይጠቐሰት ግን ኣይሓለፈትን እታ ፕሮፌሰር። ብዛዕባ ወጽኢቱን ኣድማዕነቱን ኣመልኪታ ከኣ ኣብቲ ዝሕንጸጽ ስትራተጂ ከም ዝምርኮሰ'ያ ትገልጽ። እቲ ባንክ ኣብ ገንዘባዊ ምወላ ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ፖሊሲታት ኣብ ምሕንጻጽ ከማኽርን ኣድማዕነት ስራሕ ክከታተልን ከምዘለዎ ድማ ወሲኻ ተረድእ።

ኣሌክስ ማስሎቭ ዝተባህለ ካልእ ክኢላ ስነቀጠብ፡ ቀጠባ ዓለም ይቕየር ከምዘሎ ዘመልክቱ ነጥብታት'ዩ ዝዘርዘረ። ብመሰረት ሓበሬታት ብዙሓት ሃገራት ኣብ ኣህጉራዊ ክፍሊታት ባጤራ ዶላር ጠንጢነን ናይ ቻይና ባጤራ 'ያውን' ንኽጥቀማ ይመርጻ ኣለዋ። ተጠቃምነት ባጤራ ዶላር ንምጉዳፍ ዝቐየድ መስርሕ ብሃገራት 'ብሪክስ' ዝተጀመረ ኣይኮነን። ቻይና ግን ቀንዲ ተዋሳኢት'ያ። ድሕሪ ዘበምታዊ መስርሕ ድማ ሎሚ ቻይና ምስ ልዕሊ ክልተ ደርዘን ዝኾና ሃገራት እትገብሮ ንግድ ብባጤራኣን ባጤራ ናይተን ሃገራትን'ዩ ዝቐየድ። ብዙሓት ሃገራት ላቲን ኣመሪካ፡ ኒውዚላንድ፡ ኣውስትራልያን ደቡብ ኮርያን'ውን በዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ'የን ምስ ቻይና ዝራኸባ። እዚ ድሕሪ ባይታ'ዚ ድማ ብሃገራት 'ብሪክስ' ንዝተፈጸመ ስምምዕ ኣድማዒ ከምዝገብሮ ይገልጽ ኣሌክስ። "ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተኻየዱ ኣኼባታት ሃገራት 'ብሪክስ' እዚ ዳሕረዋይ ሃናጺ ውሳኔ ብምሕላፉ ኣገዳሲ ነይሩ።" ይብል ንሱ።




ማርክ ወይስቦርት ዝተባህለ ካልእ ኣመራጺ ክኢላ ስነቀጠብ ድማ ሃገራት ብሪክስ ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሓ ዝበረን ረቛሒ፡ ኣብተን ዝበራ ፋይናንሳውያን ትካላት ዝጸንሐን ጉዳያት ምዃኑ የረድእ። ልዕሊ 40 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ኣብ ሃገራት ብሪክስ እዩ ዝነብር። ኩይኑ ግና እዘን ሃገራት ብኣኡ መጠን ኣብ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ይኹን ባንክ ዓለም ጸላዊ ድምጺ የብለንን። ስለዚ ከኣ ብመንጽር ዘሎ ኩነታት ዓለም ብሃገራት ብሪክስ ዝምስረቱ ዘለዉ ፋይናንስያውያን ትካላት እዋናውያንን ኣገደስትን'የም። ማርክ ከምዝገልጾ ሃገራት ብሪክስ ዘሕለፋኦ ውሳኔ ነቲ ብኣመራጸን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ተዓብሊሉ ዝጸንሐ ቀጠባ ዝቕይር ጥራይ ዘይኮነ ንሽጋስ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዓንቂጾም ዝጸንሑ ዝተፈላለዩ ማሕንቖታ'ውን ዝኣሊ'ዩ። ማርክ ወይስቦርት፡ "ኣመራጋ ምስተን ብኣጸብዕ ዝቘጸራ ሃብታማት መሓዙታ ብምዃን፡ ኣብ ዝሓለፈ 70 ዓመታት ንኣገደስቲ ቀጠባዊ ውሳኔታት ባንክ ዓለምን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ተቈጻጺራቶ'ያ ጸኒሓ። ካብ'ዚ ቀረባ እዋን ድማ ንዋሳኔታት ጂ7፡ ጂ8 ከምኡ'ውን ጂ20 ትቈጻጸሮ ኣላ። ንሕግታት ዓለማዊ ውድብ ንግድ(WTO) ባዕላ ተርቅቕ። ኣብ 6ይ ስሩዕ ኣኼባ ሃገራት 'ብሪክስ' ዝተበጽሐ ስምምምዕ ግን ኑቲ ድምጺ ካብ ምሃብ ተገሊሉ ዝጸንሐ ክልእ ክፋል ዓለም ድምጹ ንኸስምዕ ዝመጽአ ኣገዳሲ ኣማራጺ'ዩ።" ብምባል ዘረባኡ የጠቓልል።

'ብሪክስ' ቅድሚ ንደቡብ ኣፍሪቃ ምጽናባሩ 'ብሪክ'(BRIC) ብዝብል ስም'ዩ ዝፍለጥ ነይሩ። ብራዚል፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ቻይና ማለት ድማ'ዩ ትርጉሙ። ኣብ 2011 ደቡብ ኣፍሪቃ ኑተን ቀዲመን ዝጸንሓ ኣርባዕተ ሃገራት ምስ ተሓወሰተን ግን 'ብሪክስ' ክበሃል ጀሚሩ። ናይ ፈለማ ሓጺር ኣኼባ ብሪክስ ኣብ 2008 ኣብ ጃፓን'ዩ ተቓኒዑ። እቲ ዝዓበየ ናይ ፈለማ ኣኼባ ግን ሰነ 2009 ኣብ ሩሲያ እዩ ተኻይዱ። ካብኡ ንደሓር ከኣ ዓመታዊ ይካየድ ኣሎ።






# ትምህርቲ - ፈውሲ ቃንዛ ኣይኮነን

## ስድራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ዝኸበርካ መምህር፣

ከመይ ቀኒኻ? ሰላም ቀኒኻ ክትከውን ተስፋ እገብር። ኩሉ ስድራ ድሓን ኣሎ። ኣነ ድሓን ኣለኹ። ትምህርተይ እውን ጽቡቕ ኣሎ። ሕጂ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ደስ እናበለኒ እማሃሮ ኣለኹ። ድሌት ሓቡተይ እውን ደሓን ኣሎ። ብናይ ትምህርታ ብዙሕ ኣይተሓጎሰኩን እምበር ብናይ ንባብ ድሓን ኣሎ።

ዝሓለፈ ሰሙን ድሌት ሓቡተይ ኣብ ትምህርቲ ሰውጢ ትገብር ኣላዶ የላን? ኣብ ትምህርቲ ከመይ ትኸይድ ኣላ? ክፈልጥ ናብ ቤት ትምህርታ ከይደ ነይረ። ንብዙሓት መማህራን ከኣ ኣዘራሪበዮም።ሙብዛሕትኦም መማህራና ብዘበሉኒ ከኣ ፍጹም ኣይተሓጎስኩን። ናይ ትግርኛ መምህራ ቁሩብ ሰውጢ ተርኢ ከም ዘላ ሓቢራትኒ። እቲ ኣብኡ ዝሰማዕክዎ ከም ዝተጸበኽዎን ዝገመትክዎን ዘይምኻኑ ቁሩብ ቅር ኢሉኒ። ኣጸቢቓ ሰውጢ ክትገብር'ያ ተጸበየ። ትጸቢተይን እቲ ኣብ ባይታ ዘጋጠመን ግን ኣይተሳኸሎን።

እቲ ጸገም ኣበይ እዩ? ኣብ ናይ መማህራን ኣገማግማ? ኣብ ናተይ መጠን ዝሓለፈ ትጸቢት? ወይስ እቲ ምኽርካ ኣይሰርሐን? ብውሽጠይ፣ 'እቶም መማህራን ተጋጊዮም ክኾኑ ኣለዎም' እብል። ዚ ግን መርትዖ የብለይን። በቲ ሓደ ወገን ከኣ፣ ዕድመኣ ኣብ ግምት ኣእትየ፣ 'እቲ ትጸቢተይ ርትዓዊ ኣይነበረን ማለት እዩ' ኢለ እሓስብ፣ 'ስለዚ፣ ድሌት ሓቡተይ ነዚ ትጸቢት እንተ ዘይወቐዓቶ ኣይተሓዘን እዩ' ይኹንምበር፣ እቲ ትጸቢተይ ዝበሎ ነገራት ኣዝዩ ዘይውቃዕ ዕላማ ዘይነበረ ከም ዘይነበረ ይሰምዓኒ። ብሳልሳይ ወገኑ እቲ ትህበኒ ዘለኻ ምኽሪ ዘእምን ይኹንምበር፣ 'ኣብኡዶ ጸገም ኣልዩ ኮይኑ?' ኢለ ንኣብሰይ እሓታ። እሓታ ግን ሰላም ዝሁብ ወይ ከኣ ዘዕርፍ መልሲ ግን ኣይረኸብኩን። ኣዝዩ ተዋጢረ'የ ዘለኹ እሞ በጃኻ ቅልጥፍ ኢልካ መልሲ ጽሓፈለይ።

ደሊና

ዝኸበርኪ ደሊና፣

ስለ እቲ ዝጸሓፍክለይ ግልጹነት ዘለዎ ደብዳቤ ኣመስግነኪ። ኣብኡ ንኹሉ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእቲኽዮ ኣለኺ። ቀድሚ ኹሉ ኣገማግማ መማህራን ድሌት ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ኣሎ። ኩሉ ነገራት ክምርመር ኣዝዩ ኣድላዪ'ዩ። ንዘኾነ ይኹን ከኣ ስለ ዝተባህለ ጥራይ ክትቅበሎ ምልክት ጥዕና ኣይኮነን። እምነት ኣብ ገለ ግዜ ጥዕና ኣይኮነን። እቲ ዝተማህረ ከምቲ ዘይተማህረ፣ ደድሕሪ ንፋስ ዝኸይድ እንተ ኾይኑ፣ እቲ ትምህርቱ ኣበይ እዩ? ብተመሳሳሊ፣ ንግዚኡ ርእሰኺን መለክዒኺን ምጥርጣርኪ እውን ምልክት ዘይምጥዓይ ኣይኮነን። ንሰባት ብመንፈት ነሕልፎም እንተ ኾንና ንግዚኡ ርእስና እንንሕፈሉ ምኽንያት የለን። ንዓይ ምንም ምኽንያት ኣይረኣየንን'ዩ። ስለዚ ከኣ፣ ከምቲ ሰባት ኪጋጊዩ ከም ዝኽእሉ ብሕቶ ኣነጥጥሮም ንግዚኡ ርእስና ከኣ ክንሓታ ግቡእ እዩ።

እቲ ዝሰደልኪ ምኽሪ እውን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ኣሎ። ጽቡቕ እዩ። እዚ ንዓይ ዓቢዩ ሓጎስ'ዩ። እቲ ኣብ ትምህርትኺ ወይ ከኣ ኣብ ዝሀበኩኺ ምኽሪ ዘለኪ ጥርጣረ ኣብ ልብኺ ጥራይ ሕዚኽዮ ትም እንተ ትብሊ፣ ይትረፍ ድኻምተይ ክእርም ጸገም ከም ዘሎ እውን ኣይምፈለጥኩን። ስለዚ ከኣ ከምቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደብዳቤ ስለ እቲ ዝጽሕፈልኪ ምኽሪ ኩሉ ሳዕ እተመስግነኒ፣ ኣነ ከኣ ስለ እዛ ዓቢይ ኣገልግሎት ወይ ከኣ ሓገዝ ብጊደይ ኣዝዩ ኣመስግነኪ ኣለኹ።

ሎሚ መዓልቲ እናንእበበኩ እንክለኹ፣ ንዓይን ንዓኻትን ኣዝያ እትጠቕመና ሓንቲ ዛንታ ካብ ጽሑፋት ፓውሎ ኮልዮ ረኺበ። ንክልቴና ኣዝያ እተድልየና ዛንታ'ያ እሞ ከዘንትወልኪ ፍቐድለይ። ኣርእስቲ እዛ ዛንታ፣ 'ደስሓቕ ሞይቱ' እያ ትብል።

ኩሉ ኣብቲ ዝነበረሉ ኮምዩኒቲ ዘሎ ዝፈትዎ ሓደ ኣይሁዳዊ መምህር ነበረ። እቲ ኩሉ ዝበሎ ዝነበረ ኣዝዩ ይምስጦም ነበረ እሞ በዚ ምኽንያት ኣዝዮም ይፈትውዎ ነበሩ። ኩሉ ሰብ እንትርፎ ሓደ ይስሓቕ ዝበሃል ሰብኣይ። እዚ ይስሓቕ ዝበሃል ሰብኣይ እቲ ኣይሁዳዊ መምህር ዝበሎ'ን በቲ ኣተረጓጕማኡ'ን ይሰማምዕ ኣይነበረን እሞ ዕድል ኣብ ዘዘረኸበ ነቲ መምህር ይወቕሶ ነበረ። ኩሉ ጌጋኡ ከኣ እርይ ቁጽር ኣቢሉ ይነግሮ ነበረ። እቶም ህዝቢ ምንም እኳ ክገብርዎ ዝኽእሉ ነገር ኣይነበረ እምበር ነቲ ይስሓቕ ዝገብሮ ዝነበረ ነገራት ይቕበልዎ ኣይነበሩን። ይውሕጠሎም እውን ኣይነበረን። በቲ ባህሪኡ ካብ ኣዝዩ የበሶጭዎም ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ይስሓቕ ሞተ። ኣብ ግዜ እቲ ቀብሪ ከኣ እቲ ኮመዩኒቲ እቲ መምህር ኣዝዩ ሓዚኑ ከም ዝነበረ ኣስተውዓሉ።

'ኣብ ክንዲ እቲ ኩሉ ጌጋኻ እርይ ቁጽር ኣቢሉ ዘዋርደካ ዝነበረ ሰብኣይ ንምንታይ ክሳብ ክንደዚ ሓዚንካ?' ክብል ሓደ ሰብኣይ ሓተቶ።

'ስለ እቲ ሕጂ ኣብ ገነት ዘሎ ዓርከይ ኣይኮንኩን ሓዚነ' መለሰ እቲ መምህር። 'ስለ ገዛእ ርእሰይ እየ ሓዚነ፣ ንሰኻትኩም ኩላትኩም ከተኽብሩኒ እንክለኹም ንሱ ግን ይብድሃኒ ነበረ። በቲ ዘጥጥር ሕቶኡ ተገዲደ ከኣ ከማሓይሽ እግደድ ነበርኩ። ሕጂ ግን ንሱ መይቱ እዩ'ሞ ከምኡ ገይሩ ዝብድህ ሰብ የብለይን። ስለዚ ከኣ ምምሕያሽ ደው ከይብል እፈርሕ ኣለኹ' ክብል መለሰ።

እዚ ክልቲኡ ምልክት ሓደ ዝተማህረ ሰብ'ዩ። ዝተማህረ ሰብ ንኹሉ ከም ዘለዎ ኣይቕበሎን'ዩ። ደብልዩ ይኸውን ግን ከኣ ከይሓየሸ ኣይውሕጦን። ደብልዩን ይሕይኾን ግን ከኣ ከየስተማቐረ ኣይውሕጦን።

ብተመሳሳሊ፣ ዝተማህረ ሰብ ከኣ ሕቶታት ኣይፈርሕን'ዩ። ብሕቶታት እውን ኣይሰንብድን'ዩ። ሰብት ኣበይ? ብኸመይ? መዓስ? መን? ምስ መን? ኣሎም ከምጥርዎ እንክለዉ. ንየኦም ዝኾነ መልሲ ኣለዎ። መልሲ እንተ ዘይብሉ - መርትዖ ክሕተት ስለ ዝኾነ - ኣይዛረብን'ዩ። እንተ ተዛረበ ድማ፣ መህደሚ ዝኾነ ቀዳድ ከይከፈተ ኣይዛረብን። በዚ ምኽንያት፣ ተጋጊዩ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝኣንፍት ሓበሬታ ሰው እናኣበለ ይኸይድ። ዓቢ ጥራይ'ዩ ምሉእ ብምሉእ ርግጸኛ ዝኸውን። ምጥርጣር ምልክት ትምህርቲ'ዩ። ምልክት ብስለት ከኣ እዩ። ምጥርጣር ካብኻ ንላዕሊ ፍልጠት ዘለዎ፣ ካብኻ ንላዕሊ ሓበሬታ ወይስ መርትዖ ዘለዎ ሰብ ምስ ዝብድሃካ ፈጠጥ ፈጠጥ ካብ ምባል የድሕነካ'ዩ። ንዘይጠራጠር ሰብ ክትጠራጠሮ ጽቡቕ'ዩ።

ናብ ሕቶኺ ክምለስ፣ ናብቶም መማህራን ኣትየ ክዛረብ ኣይደልየን። እቲ ዝሀበኩኺ ምኽሪ ንኹሉ ሰብ ግሉጽ ዝኾነ ፍረ ክፈሪ ኣለዎ ኢለ ስለ ዝሓስብ መማህራን ዘይረኣዩዎ ፍረ ኣሎዶ የለን ኣልካ ምሕታት ግዜ ምጥፋእ'ዩ። እቲ ጸገም ኣብ ናይ መማህራን ኣገማግማ ደዩ ኣልና ግዜ ከጥፍእ እውን ኣይግባእን'ዩ። ይኹንምበር፣ ቁልዑ ብኸመይ ይግምገሙ ምፍላጥ ጽቡቕ'ዩ እሞ ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ እንተ ተዛሪብና ፍረ ዘለዎ መሲሉ ይስመዓኒ።

ተማሃሮ ብኽልተ ዓይነት መንገዲ'የም ዝግምገሙ። እቲ ሓደ ዓይነት መግዚ - 'እዚ ዝምርመር ዘሎ ተማሃራይ እቲ ዝድለ ዘሎ ፍልጠት ኣለዎዶ?' ዝብል ሕቶ ዝሓትት እዩ። ዕላማኡ ከኣ እቲ ቁልዓ ዝተማህሮ ፍልጠት ሐዚዎዶ ኣይሓዞን ክፍትሽ ዝደሊ ዓይነት ኣገባብ'ዩ። ንኣብነት፣ ድሌት ኣብ ናይ ራብዓይ ቁጽሪ ምምቃልን ምርባሕን ተማሂራ ንበል። እቲ ናይ ቁጽሪ መምህራ እቲ ዝተማህረቶ ፍልጠት ምርባሕን ምምቃልን ኣጸኒዓቶዶ ኣየጸንዓቶን ንኽፈልጥ ናይ ምርባሕን ምምቃልን ሕቶታት ኣምጺኡ ይፍትና። ኣጸኒዓቶ እንተ ኾይና ትምልሶ እንተ ዘይኣጸንዓቶ ከኣ ጠጠው ጠጠው ትኸውን። እዚ ፍልጠት ምርካብ ዝነበረ ዓይነት ኣገባብ መግዚ'ዩ።

እቲ ካልኣይ ዓይነት ፍልጠት ምርካብ ዝነበረ ኣይኮነን። ኣተኩሮኡ ኣብ ካልእ'ዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ገለ ውሑዳት ተማሃሮ ክኣትዉወን ዘለዎ ቦታታት ኣለዋ ንብል። ሕጂ ኣብ ክንዲ ዕጫ ጌርካ ሕማቕ ይኹን ወይስ ንፋዕ ዝይትፈልጦ ተማሃራይ ካብ ትቕበል መርመራ ክትገብር ትውስን። እቲ ኣብዚ ዘገድስ ነገር ፍልጠት እቶም ተማሃሮ ኣይኮነን። እቲ ኣድልዩ ዘሎ ነተን ዘለዋ ቦታታት ቢቶም ዝሓሹ ተማሃሮ ከመይ ጌርካ ትመልአን እዩ። ዕላማ እቲ መርመራ ከኣ ኣብ ክንዲ ብዕጫ ዝኸውን ካልእ ኣገባብ ምርካብ'ዩ። ንኣብነት፣ እተን ቦታታት ሰለስተ ጥራይ እንተ ኾይነን ከመይ ጌርካ እቶም ዝሓሹ ተማሃሮ ምፍላይ'ዩ። እቶም ዝምረጹ ሰለስተ ተማሃሮ ኩሎም ኣብቲ ዝተገበረ መርመራ ዝተረፉ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ቤት ትምህርቲ ከኣ ክቕበሎም ይኽእል ዘይክቕበሎም ከኣ ይኽእል። ወይ'ውን እቶም ተማሃሮ ካብ ሓድሕድ ዘይሰናኸፉ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ቤት ትምህርቲ ግን ምርጫ ስለ ዘይብሉ ነቶም ሰለስተ ዝበፍዑ ጥራይ ይቕበል።

ኢቶም ካልኦት እውን ሓሊፎም ክሰምሲ ቦታ ስለ ዘየለ ይምለሱ።

ካልእ እቲ ተማሃራይ ሰውጢ ገይሩዶ ኣይገበረን ዝፍትን መርመራ እውን ክውሃብ ይኽእል'ዩ። 'እዚ መርመራ ዝገብር ዘሎ ተማሃራይ ኣብዚ ምሳና ዝጸንሓሉ ግዜ እቲ ዝማሃርናዮ ትምህርቲ ሰውጢ ገይሩሉዶ?' ክፈልጥ ዝደሊ እዩ። ንኣብነት፣ ድሌት ቅድም ሓንቲ ሓጻር ዛንታ ኣንቢባ ካብታ ዛንታ እንታይ ትምህር ኣይትፈልጥን ነይራ ትኸውን። ዳሕራይ ግን ከመይ ገይራ ትፈልጥ ምስ ተማህረት እዚ ነገር እዚ ቀሊል ኮይኑ ትረኽቦ ትኸውን። እዚ ዓይነት ኣገማግማ ኣብ ናይ ቀድምን ናይ ሕጂን ፍልጠት ዘሎ ሰውጢ ዝግምግም ዓይነት ኣገባብ'ዩ። ምናልባት መማህራን ዝዓቡኺ ሓበሬታ እዚ ዓይነት'ዩ ኽኸውን ዝኽእል። ግን እዚ ዓይነት ኣገባብ ቅኑዕ ክኸውን ክህሉ ዘለዎ ረቛሒታት ኣለዉ። ቀዳማይ፣ ተማሃራይ ድኻሙ ንምፍዋስ ሓገዝ ረኺቡዶ ቀንዲ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ'ዩ። ካልኣይ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ፣ 'እዚ ሓገዝ እዚ ምስቲ ክልወጥ ዘለዎ ጸገም ምትእስሳር ኣለዎ ድዩ?' ዝብል እዩ። ካልእ፣ 'እቲ ሕሙም እቲ እኹል ዓቕን ሓገዝ ተገይሩሉዶ?' ዝብል መልሲ ክረኽብ ዘለዎ ሳልሳይ ሕቶ ኣሎ።

ንኹሉ ዓይነት ሕማም ሓደ ዓይነት መድሃኒት ዝሁብ ሓኪም ኣሎ እንተ ዝበሉኒ፣ እዚ ክርእዮ ዝደሊ ዓይነት ሓኪም እዩ። ምንም እኳ ብዛዕባ ሕክምና ብዙሕ ኣፍልጦ ኣይሃልወኒ እምበር፣ ንኹሉ ሕማም ብኣሞክሲሊን ጥራይ ክምክር ዝፍትን 'ሓኪም' እንተ ኣልዩ ብ'ዜና ሰንበት' ኣቢሉ ወረሑ ኣብ እዚ ሰባት ክንገረሉ ዘለዎ ፍሉይ ሓኪም እዩ። ንታንክ ብኮላሽን ክበስዓ ዝፍትን 'ወተሃደር' ኣሎ እንተ ኮይኑ ከኣ ዚ ፍጥረት እዚውን ብሓቂ ክርእዮ ምደለኹ። ኣበይ 'ዝተዓለመ' ወተሃደር እዩ ከኣ ክፈልጥ ምደለኹ። ብተመሳሳሊ፣ ንናይ ቁጽሪ ጸገም ብናይ ትግርኛ ፍልጠት ክትፈትሖ ዝፍትን ሰብ እንተ ኣልዩ ንታንክ ብጥይት ክበስዕ ዝደሊ ሕዋይ እዩ። ወይ'ውን ንመንሽሮ ብናይ ርእሲ ከቢና ከተዕርዮ ምፍታን'ዩ። ክሳብ ሕጂ መንሽሮ ብናይ ርእሲ ከቢና ክትምሕኮ ከም እትኽእል ሓበሬታ የብለይን እሞ በዚ ድሩት ፍልጠተይ'የ ዝዛረብ ዘለኹ።

እቲ ክብለኪ ደልየ ዘለኹ ተረዲእኪ ክኸውን ተስፋ እገብር።

እቲ ካልኣይ፣ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ነጥቢ እቲ ዝተዋህበ ሓገዝ እኹል ደዩ ዝብል እዩ። ንኣብነት፣ ሓኪም መድሃኒት ክእዝዘ እንከሎ ክንደይ ዝኣክል ዓቐን ክትወስዶ ከም ዘለካ ይሕብር። መዓልታዊ ክንደይ ግራም ከኒና ክትወስድ ይግባኣካ? ምስ ዕድመኻን ካልእ ነገራትን ኣዛሚዱ ይሕብረካ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ገለ ጊዜ ነቲ መድሃኒት ጀሚርካ ከተቋርጾ ከም ዘይብልካ ምስ መጠንቀቕታኡ የስንቕካ። እዚ ኣካል እቲ ሕክምና እዩ። ኣብ ገለኡ እቲ መድሃኒት ከመይ ዝኣመሰለ ጎድናዊ ሳዕቤን ኣለዎ፣ ሓበሬታ ትወስድ። እዚ ከይትሰንበድ ኢሉ ሓኪም ዝገብሮ ክኸውን ይኽእል።

ይቕጽል

መም/ ኣብርሃለይ ሃብተ

ኣስመራ



መሓመድኢድሪስ መሓመድ

# ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ መካዘትን ተወፋይነትን



ስዉእ ኮሎኔል ሚካኤል ፍስሃየ

## መበል 20 ክፋል

ፋኖር ብዛዕባ ሂወት ሻድሻይ ወራርን ሽዑ ዝለገበቶ ሳጓን ክዘክር ከሎ ከም'ዚ ይብል፡ "እዛ ሎሚ ንስመይ ዓብሊላ ዘላ 'ፋኖር' ትብል ሳጓ፡ ኣብ'ዚ ቦታ እየ ተጠሚቐያ። ሓንቲ ኦራል ዝዓይነታ ማኪና ነጋሽ፡ ተኽላይ ኢያሱን ካልኦትን ንሓሳባት ናይ ጸሃየ ድሕሪ መስዋእቱ ኣብ ግብሪ ኣውዒሎሞ። እታ ማሽን ኣብ ኣዶብሓ ተተኺላ ኣብ ስራሕ ውዒላስ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ቀጺላ።

ድሕሪ ፍሸለት 6ይን ን 7ይን



ህድኣት ስዩም ምስ ፋኖር ኣብ ጋራጅ ዓምበርበብ (ሳሕል 1988)

ጸላኢ ናብ መውዓሊ ወታሃደራት ምስ ቀረበት፡ ኣብ'ታ ኣነ ዝነበርኩዋ መስርዕ ቢቴን ተጋዳላይ ንጉሰ ተሪር ብዝተኮሳ ቡምባ፡ መውዓሊ ናይ'ቶም ወታሃደራት ቃልቃል ክትብል ምስ ረኣኹዋ፡ ካብ ክቱር ታሕጓስ "ፋኖር ኮይና እምበኣር፡ ፋኖር ኮይና" ኢለ ክጭድር ከለኹ ዝሰምዑ ኣባላት መስርዕ ቢቴን "ፋኖር፡ ፋኖር. . ." እናበሉ ኣልጊቦሙለይ። እንተ ሻድሻይ ወራር ግን ልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ኣይቀጸለን። ብኽቡር ዋጋ ፈሺሉ። ሻድሻይ ወራር ምስ ፈሸለ ከም ሰበይ ኣመና ተሓጉሰ። ግን ብመስዋእቲ ብጾተይ፡ ኣውራ ድማ ምሳይ ካብ ሰዋክን ተበጊሱ ምሳይ ዘይተመልሰ ስውእ ጸሃየ ስዩም ሓዚነ"

ስውእ ጸሃየ ስዩም ጸገማት መጓዓዝያ ንኸቃልል ዘበገሶ ሓሳብ ናይ ጎማታት ምሕዳስ ኣብ መፈጸምታ ከየብጸሖ'ዩ ኣብ ዘወፈሮ ተሪፉ። ግና ሕድሩ ዝሰከሙን ሓሳቡ ዘተግብሩን ብጾት ኣይተሳእኑን። በዓል ስውእ ሚካኤል፡ ኮስታ ወራራት መጥቃዕቲ ህ.ሰ. እዩ ጀሚሩ። ኣብ ጥሪ 1984 ብከተማ ተሰነይ ዝፈለመ ዕውት መጥቃዕቲ ነጥበ-መቐይሮ ሚዛን ሓይሊ ዝእንፍት እዩ ዝነበረ። ኣብ'ቲ ግዜ'ውን ተራ ስዉእ ሚካኤል ፍሰሃየ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ኣብ ተሰነይ፡ ብመዳይ ቴክኒክ ክማላእ ዝግባእ ዕዮ የሰላስል ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ነታ ንዓመታት ተበላሽያ ኣብ ተሰነይ ዝነበረት D-10 ዝዓይነታ ዶዘር ጸላኢ፡ ከዕሪ ሒኹ በለ። እታ ዶዘር ክትሰርሕ እንተ ክኢላ፡ ነቲ ሕጽረት ዶዘራት ዝነበሮ ክፍሊ ህንጻ ዓቢ ዝላ እዩ ነይሩ። ህዝቢ ተሰነይ ብፈተነ ሚካኤል ተገረመ። ሓንቲ ኣደ ከኣ ናብ ሚካኤል ቅርብ ኢለን፡ 'ኣንታ ወደይ እዛ መኪና'ኮ ብኽንደይ ጸዓዱ ተፈቲና ዝኣበየት እያ፡ እንታይ ዘድክም ኣለካ!' ምስ በላኦ፡ እናሰሓቐ 'ደሓን ኣደ ከነዐርያ ኢና" በለን። ሓርኮትኮቱ ብምቕጻል፡ ብፓምፓ ኤኔትረ ገይሩ፡ ከም'ተን ኣብ 1978 ኣብ ሰሓርቲ ዝገበረ ገይሩ ዘተንሰአን ታንኪታት፡ ነታ ዶዘር እውን "ሓን፡ ሓን. . ." ህዝቢ ተሰነይ ብክእለት ደቁ ተመሰጠ። ሚኪኤል ከኣ ባዕሉ እናዘወረ ናብ እተድመዓሉ ቦታ ኣፋነዋ።

ድሕሪ መጥቃዕቲ ተሰነይ፡ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ምስ ፈረሰ፡ ሚካኤል ብቐጽበት ኣብ'ቲ ቦታ ኣርኪቡ ቅያ ከም ዝሰርሐ ኮለኔል በረኸት ኣብረሃ (ፈንጂ) የዘንቱ። "ብሓፈሻ ሚካኤል ኩሉ እዩ። ትኹረቱን ተወፋይነቱን ኩሉ ዝፈልጦ ዝምስክሮ እዩ። ኣብ መጥቃዕቲ ተሰነይ፡ ምድምሳስ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ማለት ውቃው እዝ ዝነበሮ ተሳትፎ ድማ ቀሊል ኣይነበረን። ድሕሪ መጥቃዕቲ ተሰነይ ብቐጽበት ኣብ ምፍራስ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣርኪቡና። ነተን ኣብ ጋማግም ባሕሪ (ማርሳ ተኽላይ) ኣብ ታኼላ ተሸሚመን ዝነበራ 18 ታንክታትን መካይንን ክነውጽእ ሓኮት እናበልና እዩ ተጸንቢሩና። ምጽእ ምስ በለ 'እንታይ ኣሎ?' ክብል ሓተተና፡ ንሕና ከኣ 'ታንክታት ምውጻእ ኣብየናና ተሓሊልና' ክንብል መለስናሉ። ክልተ ታንኪ ገይርና ንፈትን ምስ በልና ታንኪ ምስ ታንኪ ኣሲርና ክነውጽእ ፈተንና። ግና ወይከ ነቕ ምባል ኣበያ። ኣብ መወዳእትኡ D-9 ገይርና ንስሓበን ምስ ተባህለ። D-9 እሞ ካበይ ትምጻእ ዝብል ሕቶ ተላዕለ። እንተ ኹነ ግን ናባና እናመጽአ ከሎ ብኣውገት እናሓለፈ ከሎ ንሕና ዘየስተውዓልናላ ሓንቲ D-9 ርእዩ ነይሩ። 'ባተርያ ጥራይ ሃቡኒ' በለና'ሞ፡ መኪናኡ ኣልዒሉ ናብ ኣውገት ብምኻድ ነታ D-9 በቲ ዝወሰዶ ባተርያ ኣተንሲኡ ሒዙዋ ፍርቂ ለይቲ ኣቢሉ መጽኣና። ካብ ፍርቂ ለይቲ ኣትሒዝና ክሳብ ወጋሕታ ሰዓት 6፡00 ነተን 18 ታንክታትን መካይንን በታ D-9 ገይርና መዝሒቕና ኣውጺእናየን። ስ'ለዚ ተራ ሚካኤል ኣብ መጓዓዝያ ይኹን ኣብ ካልእ ዕማማት ውድብ ልዑል እዩ። ምንቅስቓሳቱ ዕረፍቲ የብሉን። ኣብ ተሰነይ ኣሎ እናበልካዮ ሰሜናዊ ሳሕል የርክብ፡ ኣብ ቦታ ሰላም ሓዲክካዮ ምስ ከድካ፡ ኣብ ማእከል ኩናትን ሃልሃልታን ዝጸንሕ ውፉይን ትኩርን ብጻይ እዩ ነይሩ"

ሜጀር ፋኖር'ውን ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ጋራጅ ዓምበርበብ ተመዲቡ ስለ ዝነበረ ደሃይ ዓርኩን ብጻዩን ሚካኤል ኣይተፈልዮን። ነቲ ስውእ ሚካኤል ኣብ ግንባራት ከይዱ ኣብ ማእከል ሃልሃልታ ዝፍጽሞ ዝነበረ ዕማማት ብኣካል ይዕዘቦን ካብ ዕላል ብጾቱ ይሰምዖ ነይሩ። ሜጀር ፋኖር፡ ነተን ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ተጎቲተን ናብ ጋራጅ ዓምበርበብ ዝጓረታ ዝነበራ ተሸከርከርቲ ምስ ብጾቱ ኰይኑ እናጸገነ ከሎ፡ ብዛዕባ ዕዉት ስራሓት ሚካኤልን ካልኦት ሞያውያንን የዕልሉ ነይሮም። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ማለት ኣብ 1988፡ ፋኖር ኣብ ጋራጅ ዓምበርበር ተመዲቡ ይነጥፍ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ እታ ንሓዋ ጸሃየ ስዩም ክትርኢ ናብ ሰዋክን መጺኣቶም ዝነበረት ህድኣት ስዩም፡ ንሓዋ ክትርኢ ብሃንደበት ደበኽ በለቶም። ፋኖር - እንታይ ከም ዘመኽኒ ጨነቖ። ገጽ ህድኣት ምስ ረኣየ ዝተፈረራቐ ስምዒት እናዓብለሎ፡ ናይ ውሸጡ ኣብ ውሸጡ ገይሩ ካብ ክሳድ ንላዕሊ ክጫረቓን ከስሕቓን ድሕሪ ምጽናሕ - "ጸሃየ ሓውኺ ደኣ ጽቡቕ ኣሎ፡ ሕጂ ከኣ ኣብ ከቢድ ሚስጢራዊ ስራሕ ወድብ ተጸሚዱ ኣሎ። ተጠንቀቒ ኢኺ ከኣ። ኣብ ከም'ዚ ስራሕ ተዋፊሩሉ ኣሎ ኣብ ከም'ዚ ቦታ ኣሎ ከይትብሊ፡ ምስ'ዞም ኮማንዶ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ክህሉ'ውን ስለ ዝኽእል፡ ወላ ንስድራ ቤት ከይትነግርዮም" ብምባል ኣእሚኑን ኣጠንቂቑን ኣፋነዋ። ዝያዳ ንኽትኣምኖ ከኣ ስእላ ወሰደ። ሽዑ ግን ሓዋ ጸሃየ፡ ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ኣብ ጎቦ ደምቦብየት ተቐቢሩ እዩ ዝነበረ።

ኣብ ዝሰዓበ እዋናት፡ ሜጀር ፋኖር ካብ ጋራጅ ዓምበርበብ ናብ ጋራጅ ኣፖሎ (ናቕፋ) እንተ ተቐየረ'ኳ፡ ስሕት ኢሉ ምስ ስውእ ሚካኤል ፍሰሃየ ይራኸብ ነይሩ። ሜጀር ፋኖርን ስውእ ሚካኤልን ኣብ 1977 ኣብ ግንባር ሰሓርቲ ኣብ ወተሃደራዊ ስራሕ ምስተራኸቡ፡ ድሕሪ 9 ዓመት ድሮ ምድምሳስ ናደው እዚ ኣብ 1988 ኣብ ኣፍዓበት ኣብ ወተሃደራዊ ስራሕ ተራኸቡ። ስውእ ሚካኤል ኣብ ኣፍዓበት'ውን ምስ በዓል ፋኖር ኰይኑ መስተንክራዊ ዕማም ዓሚሙ እዩ።



ኣብ ማርሳ ተኽላይ ዝተዋሕጣ ታንክታት ኣብ ምውጻእ ዝበረ ጥምጥም - መጋቢት 1984



ታንኪ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ማእከል ከተማ ተሰነይ፡ 1984

ሜጀር ገ/መስቀል ገ/ገርጊሽ
(ፋኖር)

ይቕጽል……

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

BISHA MINING

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the positions of;

## Mining Training Officer (01)

**Major Duties and responsibilities:-**

- ❖ Develop training & assessment packages for all mining operations and constantly evaluate to maintain a high standard
- ❖ Manage administrative duties of all training and assessment processes.
- ❖ Perform Training Needs Analysis where required
- ❖ Conduct theoretical and practical training as per the training matrix and line management requirements
- ❖ Performs periodic review & updating of training & assessment packages against the existing standards and SOPs
- ❖ Performs theoretical and practical assessments of mining operators.
- ❖ Constantly follow up and evaluate the effectiveness of training
- ❖ Perform pit permit driver assessments for LV's and process all documentation
- ❖ Conducts Dover System assessment for new hires and existing employees whenever required.
- ❖ Ensure appropriate training records are produced and maintained for all training and assessment interventions.
- ❖ Prepare personal development plan for national mining training officer and develop them accordingly.
- ❖ Prepares & submits suitable reports to the supervisor.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | ✓ Grade 12 certificate or equivalent.<br>✓ Training & assessment Certificate |
| **Working Experience – Nature & Length** | ✓ At least 5 - 7 year experience as a Mining Training Officer who trained on HME equipment<br>✓ Must have good experience in operating HME equipment Preferably CAT products |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | ✓ Demonstrated problem solving and Troubleshooting skills Ability to meet deadlines and work under pressure<br>✓ Good interpersonal skills |
| **Other skills and abilities** | Excellent computer skill (MS word, excel & power point)<br>Good written and oral communication skills with strong English |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** Bisha.
- **Type of contract:** Indefinite period
- **Salary:** As per Company salary scale.
- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc…)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to;**
**Bisha Mining Share Company**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs,**

**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## ምልክታ

ወ/ሮ ሸዊት ተኸስተ ዑቕባዝጊ ዝተፈቕደለን ናይ ስነጽባቐ ትካለን "እሰይ ስነጽባቐ ጽጉሪ ርእሲ" "ESSEY BEAUTY SALON" ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## ምልክታ

ወ/ሮ ኢትዮጵያ ኣስፋሃ ዕቑቡ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ጽሕፈት መሳርሒ መሸጢ ትካለን "ሓላል ናይ ጽሕፈት መሳርሒ መሸጢ" "HALAH STATIONERY" ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣስመረት ሃይለ ኣድሓኖም ምባል ተሪፉ፡ ስምረት ሃይለ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

ወ/ሮ ማሾ ትኩእ ጎሹ በዓል ቤተይ ቀሺ ኪዳን ገብረመድህን ፍቓዱ ስለዘሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ገነት ገብረገርግሽ ዓንዱ በዓል ቤተይ ኣቶ ኣሰራት ገብረመድህን ግደ ስለዘሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቶ ዘርኣይ ሃይለ ሓጎስ በዓልተ ቤተይ ሐጉሽ ዘርኡ ንጉሰ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ወ/ሮ ምንት በየነ ካሕሳይ በዓል ቤተይ፡ ነፍ/መስፍን ልብሰቃል ሃብቱ ለበዋ ስለዝገደፈ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ለበዋና ይጽደቐልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ሂወት ገብረ ተስፋይ ምስ ነ/ር ወልዱ ተሰፋሚካኤል ዘዋረናዮ ዋንነት ብቁ/መስክር 301818 መወከሲ ቁ.301420 ዝተጻረየ ፍርቂ ብጽሒተይ ይወሃበኒ ስለዝበላ፣ ኣድራሻ ዘይተፈልጠ 1.ወረ/ነፍ/ሽውዓት ወልዱ ዝኾነ ሙሉጌታ ውታንን 2.ወረ/ነፍ/ ሚዛን ወልዱ ጌታሁን ተሰፋይ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሎም ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምም/ከባቢ ከረን 03

ወ/ሮ ፍረወይኒ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ የዕብዮ ገብረኺዳን ሰጊድ ካብ እዚ ሃገር ንስግረ ዶብ ስለዝኸደ ክሳብ ሕጂ ኣድራሽኡ ስለዘይረኸብኩ ይጸውዓለይ እንተዘይቀረበ ድማ ሕጋውነት ይተግበረለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ታደሰ ገብረመስቀል መንደር ምስ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሓረጉ ገብረኣምላኽ፡ ናይ ወድና ነፍ/ሰይፉ ታደሰገብረመስቀል ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ተረዛ ክፍለገርግሽ ዑቕባዝጊ ብወኪላ ኣቶ ዑቕባዝጊ ገብረ ሓምድ ኣቢላ፡ ተኸሳሲ ዓብደላ እስማዒል መሓመድ ዝተባህለ ስለዝሞተ፡ ጉዳይና ናይ ገዛ መሸጣ ስለዝነበረ ስም ከመሓላልፈለይ ብዙሕ ለሚነዮ ግን ስም ከየመሓላለፈለይ ስለዝሞተ፡ ስለ ዝኾነ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣራንሺ ጸዋሮስ ናፈዕ በዓል ቤተይ ሰለሙን ኣልኣዛር ቴድሮስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዑቕበ ስብሃትልኣብ ምባል ተሪፉ፡ ፍረወይኒ ዑቑባዪን ስብሃትልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰመረ ተኸለ ተሊሳ፡ ስም ኣደይ ወ/ሮ መብራት ኣርኣያ ወለህላሳ ምባል ተሪፉ፡ ወ/ሮ ግደይ በየነ ኣባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገሸናሽም

ወ/ሮ ኣምለሰት ተሰፋይ ዑቕባገርግሽ፡ ወደይ ኣሮን መብራህቱ ቀለታ ስለዝሞተ፡ ኣይመሰለን ውላድ'ውን ስለዘይገደፈ ኣነ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእ/ምም/ደብሪ

ኣቶ ዘርኦ ደማስ ፍስሓ፡ ኣቦይ ደማስ ፍስሓ ሕድራይ ካብ 10 ደቁ ንዓይ ንዘርእ ወዱ ከለኹ ብሀይወተይ ከይኣተኹ ኣብ መሬተይ ዘርአ ወደይ ስለዝኣለየኒ ብኣፈይ ህያብ ይሀብ ኣለኹ። እቲ ህያብ ሓደ መረባዕ ምስ ድብሪ ላዕላይን ታሕታይን ብኣፈይ ይሀብስለዘለኹ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ለተኺዳን ተኽለ ገብረኣምላኽ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ወልደገብርኤል ወ/ማርያም ዘሎ ናይ ሓዳር ክሲ፡ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ምስ 4 ደቀይ ንልዕሊ 8 ዓመት ብግቡእ ክኣልየኒ ስለዘይከኣለ ተኸሳሲ ብኣካል ዘይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/9/14 ንዚ ቀሪቡልካ ዘሎ ክሲ ክትምልስ ኣብ ቤ/ፍ ቀረብ። ምስዘይትቐርብ ግን ጉዳይ ናብ ቤተ ዘመድ ሽማግለታት ተመሪሑ ኣድላዩ ዘበለ ውሳነ ክዋሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ፍትሓዊት ምስጉን ገረንስኤ ተኸሳሲ ኣቶ ጨዓ ገብረሂወት በርሀ ዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ተኸሳሲ ንኣስታት 9 ዓመት ብግቡእ ክኣልየንን ከመሓድረንን ስለዘይከኣለ፡ ተኸሳሲ ን16/9/14 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቀረብ። ምስዘይትቐርብ ንዚ ቀሪቡልካ ዘሎ ክሲ ናብ ቤተ ዘመድ ሽማግለታት ተመሪሑ ኣድላዩ ዘበለ ውሳነ ክዋሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ንግስቲ ተኽለሚኬኤል ሰረጸ በዓል ቤተይ ካሕሳይ በርሀ ሰመረ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ስዉእ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ሃብተ ነጋሽ ዋሳይ፡ ጓልና ወ/ት ምንት ሃብተ ነጋሽ ስለዝሞተት፡ ዘይተመርዓወትን ወላድ'ውን ዘይብላን ስለዝኾነት ኣነ ኣቡኣ ምስ ኣደኣ ወ/ሮ ንግስቲ ሃይለ ገረሱን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ወልዱ በራኺ በዓል ቤተይ ተጋ/ኣስበሮም ተሰፋጋብር ኣርኣያ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ዛይድ ገብረእግዚኣብሄር በራኺ፡ ወላዲትና ምሕረት ዓንዱ ተሰፋገርግሽ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 4 ተተካእቲ ደቂ ስዉኣት ኣሕዋትናን ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሸሞተንበሳ

ወ/ሮ ጸጋ ሰለሙን ወልኪዳን በዓል ቤተይ ሸሻይ ብርሃነ ገ/ትንሳኤ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዓጋ

ወ/ሮ ሰናይት ብርሃነ ተኽለ በዓል ቤተይ ኣቶ ኣሮን ተኽለ እምነቱ ብዕለት 27/7/2012 ቃልኪዳን ኣሲርና ውላድ ኣይወለድናን ኮይኑ ግን በዓል ቤተይ 2012 ዓ.ም ነርወይ በጺሐ ክምለስ እየ ኢሉ ስለዝኸደ ከይዱ ድማ ስለዘይተመልሰ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ንዓይ ዝኸውን ስራሕ እንተረኸብኩ መነባበሮይ ክምርሕ ስለዝደለኹ ህላውነት በዓልቤተይ ስለዝሰኣንኩ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ሰንዓፈ

ሂወት ሸኮል ኪዳን፡ ሓፍተይ ኬርያ ኣሕመድ ስለዝሞተት፡ ውላድ'ውን ስለዘይብላ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ብሌን ኮማ

ወ/ሮ ሰላም መብራህቱ፡ ምስ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ኣስመሮም የሴፍ ባህታ ብሕጋዊ መንገዲ ቃልኪዳን ፈጺምና 2 ቆልዑት ወሊድና። እንተኾነ ግን ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብዚ ኣለኹ ዘይብሉ ደሃይ ስለዘዋፍአ ኣነ ቆልዑት ሒዘ ላዕልን ታሕትን ኢለ የዕብዮም ኣለኹ። ንኣስታት 4 ዓመት ኣብዚ ኣለኹ ዘይብሉ ኣይፍትሕቲ ኣይበዓልቲ ሓዳር ኮይነ ይነብር ስለዘለኹ፡ ተኸሳሲ ተጸዊዑ ጉዳይ ሓዳርና መዕለቢ ክገብረሉ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ኣስመሮም የሴፍ ባህታ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ቀረብ። እንተዘይኮይኑ ኣብ ዘይብሉ እቲ ጉዳይ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ሓበሬታ

ኩሉኹም ተመረቕቲ 2015 ተማሃሮ ኮለጅ ንግድን ስነ-ቁጠባን ሓልሓለ ዝኾንኩም ካብ ዕለት 7/08/2014 ክሳብ ዕለት 17/08/2014 ኣብ ፎቶ ሃይሰም መጺእኩም ክትሰኣሉ ንሕብር። ኣብዚ ዕለት'ዚ መጺኡ ዘይተሳእለ ንዝመጽእ ሳዕቤን ተሓተትቲ ከምዘይኮና ኣቐዲምና ብትሕትና ንሕብር።

NB. ክፍሊት 600 ናቕፋ

ኮሚተ ቡለቲን 2015
ኮለጅ ንግድን ስነቁጠባን ሓልሓለ

# ንኣፍልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## ተኽሊ ወይኒ

ወይኒ ሓደ ካብቶም ምስ ዝብልዑ ፍረታት ዝምደብ'ዩ። ወይኒ ካብ ቅድሚ 6,000 ዓመታት ኣትሒዙ ብጥሪኡ ከም መግቢ ክውሰድን ንመስርሒ መስተ (ነቢት) ክዝውተር ጸኒሑን ኣሎን። ፍረ ወይኒ ዝተፈላለየ ዝርከበሉ ኣብ ድኻ ሓመድ ምስ ዝበቅል'ዩ። ብኣንጻሩ ድማ ጨዋም ሓመድ ወይኒ ዘይበቝለሉ ዓይነት ሓመድ'ዩ። ወይኒ ዚበቝለሉ ምቹእ ክሊማ ኣዝዩ ዘይቀራሪ፡ ጠሊ ዘይበዝሖ ዓይነት ክሊማ'ዩ።



ጅር ኣለዎ። እቲ ዝበለጸ ፍርያት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ (ቅድሚ 4000 ዓመታት) ኣብ ሃገራት ምብራቕ'ዩ ዝርከብ ነይሩ። ጥንታዉያን ግብጻውያን ጁኽ ዝሕብሩ ወይኒ ብምብቋል ዝተፈልጡ ምንባሮም ይዝንቶ። ብድሕሪኡም ከኣ ግሪኻውያንን ሮማውያንን ነዚ ዓይነት ፍረ ወይኒ ይተኽሉ ከምዝነበሩ ታሪኽ ይሕብር። ቀጺሉ ድማ ተኽሊ ወይኒ ናብ መላእ ኤውሮጳን ሰሜን ኣፍሪቃን ኣመሪካን ተዘርገሐ።

ሕብሪ ወይኒ ካብ ጸሊም ኣትሒዝካ፡ ደባን ሰማያዊ፡ ብጫ፡ ቀጠልያ፡ ሽሮዋይ፡ ጽጌረዳ ዝኣመስሉ ሕብርታት ዘጠቓልል'ዩ። ኣብ ሓደ ዘለላ ወይኒ ካብ 15 ክሳብ 300 ፍረ ክርከብ ይከኣል። ወይኒ ጃንድኡ "ቪስታስ" ተባሂሉ ይፍለጥ። ሙብዛሕትኡ ድማ መበቈሉ ቪስታስ ቪኒፈራ ይበሃል። ገሊኡ ፍረ ወይኒ ዘርኢ የብሉን። ሽሕ'ኳ ዘርኢ ወይኒ ናይ ገዛእ ርእሱ መኣዛ እንተሃለዎ፡ ዘርኢ-ኣልቦ ወይኒ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝያዳ ተመራጺ'ዩ። ፍረ ወይኒ ምስ ዝነቅጽ "ዘቢብ" ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ወይኒ ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓመድ ክበቁል ይኽእል። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ ድኻ፡ ሓውሲ ድኻ፡ ሑጻ ከምኡ ድማ ኣብ እኹል ማዕድንን ዘለዎን ዘይብሉን ዓይነት ሓመድ ይበቁል። እዚ ኮይኑ ግን ዝበለጸ ምህርቲ ልክዕ ከም ካልኦት ዓይነታት ፍረታት፡ ተኽሊ ወይኒ'ውን ብሕማማትን ባልዓትን ይጥቃዕ'ዩ። ገለ ካብቶም ንተኽሊ ወይኒ ዘጥቅዑ ሕማማትን ባልዓትን ከም ቊንቊኒ (thrips)፡ ነቕዝ ወይኒ፡ ቅርፍቲ፡ ኣንትራክኖስን ዋግ ወይኒን (Downy mildew) ይጥቀሱ። ብተወሳኺ ኣዕዋፍ ብፍላይ ድማ ጨራሩ ኣብ ፍረ ወይኒ ዓብዪ ሃስያ የውርዳ'የን።

## ውቅያኖስ



ውቅያኖስ ዝበዝሐ ክፋሉ ጨዋም ማይ ዝኾነን ን3/4 ካብ ጠቕላላ ስፍሓት ምድሪ ዝሸፍንን'ዩ። ንኣካላዊ፡ ኬሚካላዊን ባዮሎጂካውን ገጻት ውቅያኖስ ዘጽንዕ ሳይንሳዊ ዓውዲ ድማ ኦሻኖግራፊ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቀንዲ ዕማም (ወይ ሽቶ) ኦሻኖግራፊ ኣብ ፍልቀትን ምቅይያራትን (alternation)ውቅያኖሳት ንዝፈጠሩ ስነ መሬታውን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ካልኦት መስርሓትን ዝግባእ መረዳእታ ንምሃብ'ዩ። ብተወሳኺ'ውን ንቑጽጽር ባዮሎጂካዊ ፍርያምነት ኣብ ማያዊ ክፋላት ንምግላጽ ይሕግዝ።

ን371 ሚእታዊት ናይ ስፍሓት መሬት ዝጥቕልል ማያዊ ክፋል ውቅያኖስ፡ ስፍሓቱ ብኣሃዝ ክረኣይ እንከሎ 361 ሚልዮን ትርብዒት ኪ/ሜ ይኸውን። ሓፈሻዊ ገምጋም ዓቐን ዕምቆቱ ድማ 5,000 ሜትሮ ኣቢሉ ይበጽሕ። 1.347 ቢልዮን ኩቢክ ኪ/ሜ ዝኸውን ትሕዝቶ ማይ ከኣ ይርከቦ። ውቅያኖሳት ዓለምና ኣብ ክልተ ንኡሳን ክፋላት ዝተኸፍሉ'የም። ዝዓበዩን ዝነኣሱን ንኡስ ክፋላት ተባሂሎም ድማ ይግለጹ። እቶም ሰለስተ ዓበይቲ ውቅያኖሳት ሰላማዊ ውቅያኖስ፡ ህንዳዊ ውቅያኖስን ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስን ክኾኑ ከለዉ፡ ከም ልሙድ ድማ ኣህጉራት ዝዳወቡለን ውቅያኖሳት'የን። እተን ክልተ ዝነኣሳ ንኡሳን ክፋላት ከኣ ኣንታርቲካን ኣንታርክቲክን ዝዳወበኣ ደቡባዊ ውቅያኖስን ኣርክቲክ ውቅያኖስን'የን።

ቅርጺ መሬትን መዋቕር (structure) ባይታ ውቅያኖሳት ብሓገዝ ናይ ሳተላይት ስእልታት'ዩ ዝጽናዕ። ካብ ሳተላይት ዝርከቡ ምስልታት ንዓቐን ጽፍሒ ዝጣን ውቅያኖሳት ብምዕቃን፡ ንቅርጺ መሬት ባይታ ውቅያኖሳት ይገልጹ። "ሶናር" - ዕምቆት ውቅያኖሳት ዝዕቅነሉ ኣገባብ'ዩ። ነዚ ቴክኒክ ተጠቒምካ ንቕርጺ መሬት ባይታ ውቅያኖስ ምስ ዕምቆቱ ንምስኣልን ኣብ ካርታ ንምስፋርን ክሳብ 125 ዓመታት ዝወሰድ ከቢድ ዕዮ ምንባሩ ይግለጽ።

ባይታ ናይ ውቅያኖሳት (ocean floor) ብዘፍታ (ዝግ ዝበለ ሑጻ ወይ ጭቃ መሳሊ ትሕዝቶ) ዝተሸፈነ'ዩ። ርጉዲ ናይዚ ዘፍታ (sediment) ክሳብ 7 ኪ/ሜ ዝበጽሕ ኮይኑ ካብ ሰብርባር ኣኻውሕን ተረፍ መረፍ ናይ ኣካላውን ነፍሳውያን ነገራትን ዝቖመ ትሕዝቶ ከኣ ኣለዎ። እቲ ትሕዝቶኡ ኣብ ዕምቆት ውቅያኖሳት፡ ኣብ ርሕቀት ናይ ውቅያኖሳትን ኣህጉራትን፡ ከምኡ ድማ መጠን ባዮሎጂካዊ ፍርያምነት ውቕያኖሳት ዝተመርኮሰ'ዩ። ብተወሳኺ'ውን ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘለዎም ኣዝዮም ደቃቕቲ ህይወታውያን (እንስሳታትን ኣታኽልትን) ኣብ ከባቢ ዝጣን ውቅያኖሳት ይነብሩ'ሞ፡ ኣብ ዝሞቱሉ እዋን እቲ ኣካላቶም ኣብ ባይታ ይተርፍ፡ ምስ ግዜ ተኣኪቡ ድማ ረጉድ ቀጸላ ይፈጥር።

ዳርጋ መላእ ትሕዝቶ ውቅያኖሳት ጨዋም ማይ'ዩ። እዚ ጨዋም ማይ ባሕሪ ብምብሕጓግ ኣኻውሕን፡ ባህርያዊ መስርሕ ዘንቀሎ ምብትታንን ምምሽማሽ ኣኻውሕን (weathering) ማዕድናዊ ትሕዝቶኡን ዝመንጨወ'ዩ። ደረጃ ጨዋምነት ማይ ውቅያኖሳት ዝተፈላለየ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ክሳብ ናይ ዜሮ ደረጃ ክህልዎ ከሎ፡ ዝለዓለ መጠን ጨዋምነት ኣብ ዝረኣየሉ ከባቢታት ድማ ክሳብ ናይ 150/1000 ደረጃ ኣለዎ። ሓፈሻዊ መጠን ጨዋምነት ማይ ውቅያኖሳት ካብ 34/1000 ክሳብ 35/1000 ይበጽሕ። ትሕዝቶ ጨዋምነት ኣብ ማይ ውቅያኖሳት ንምግላጽ ኣብ 1000 ዓቐን ማይ ዝርከብ ትሕዝቶ ማዕድናት ጨው'ዩ ዝልካዕ። ገለ ካብቶም ማዕድናት ከም ሶዲዩም፡ ማግኒሲዩም፡ፖታሺዩምን ክሎራይንድ ይጥቀሱ።

መጠን ሙቐት ውቅያኖሳት ዓለምና ካብ 26°C ክሳብ -1.4°C ኣብ ዘሎ ዝርጋሐ ይርከብ። እዚ መጠን ሙቐት ድማ ምስ ምውሳኽ ርሕቀት ስፍሓት ውቅያኖሳት እናንደለ ይኸይድ። ሓደ ካብቶም ንተመራመርቲ ሳይንስ ዘተሓሳስቦም ኩነታት መጠን ሙቐት ናይ ውቅያኖሳት ምውሳኹ'ዩ። እዚ ውጽኢት ተርእዮ ዓለምለኻዊ ወሰኽ ዋዒ (global warming) ዝኾነ ክስተት ንብርክት ዝበሉ ኣብ ማይ ዝነብሩ ህይወታውያን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ'ዩ።

ውቅያኖስ ኣብ መጻኢ ቀንዲ ምንጪ መግቢ ክምዝኸውን ይእመተሉ። ካብ ባሕሪ ዝርከብ መግቢ ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲን ስለዘለዎ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ'ዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ዝርከብ ዘሎ ምህርቲ መግቢ ባሕሪ ክረኣይ እንከሎ ዓመታዊ ኣስታት 83 ሚልዮን ቶን ዝበጽሕ'ዩ። እዚ ድማ ን5.6 ሚእታዊት ካብ ጠላባት ፕሮቲን ዓለም ይሸፍን። ብዘይካ መግቢ፡ ውቅያኖሳት ሰፊር ብርክት ዝበሉ ማዕድናት'ውን እዩ። ወርቂ ሓደ ካብቶም ክቡራት ማዕድናት ክኸውን ከሎ፡ እቶም ብዝለዓለ መጠን ዝርከቡ ማዕድናት ማግኒሲዩም፡ ብሮሚን፡ ሶዲዩምን ጨውን እዮም። ብተወሳኺ'ውን ከም ሓጺን፡ ነሓስ፡ ኒከልን ኮባልትን ዝኣመስሉ ማዕድናት ኣብ ትሕቲ ውቅያኖሳት ዝሰፈሩ'የም። 17 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ምህርቲ ነዳዲ ዘይቲ ዓለም 'ውን ካብዚ ሰፊሕ ማያዊ ኣካል ዝርከብ'ዩ።

ሰላማዊ ውቅያኖስ እቲ ካብ ሓሙሽቲኦም ውቅያኖሳት ዝዓበየን ዝዓመቐን'ዩ። ንልዕሊ ሓደ ሲሶ ካብ ስፍሓት መሬት ዝሸፍንን ንዳርጋ ካብ ፍርቂ ትሕዝቶ ማይ ናይ ምድሪ ዘጠቓልልን'ዩ። መጸውዒ ስሙ ድማ ኣብ 1520 ብፖርቱጋላዊ ዳህሳሲ ፈርዲናንድ ማጀላን ተዋሂቡዎ። ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ብስፍሓቱ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕን ዝበዝሐ ጻዕቂ ምንቅስቃስ ዝረኣየሉን'ዩ። ስሙ ድማ ካብ ኣትላስ ዝብል ናይ ግሪኽ ቋንቋ ዝፈለቐ'ዩ። ንኣህጉራት ኣፍሪቃን ኤሲያን ዝፈላሊ ህንዳዊ ውቅያኖስ ሳልሳይ ዝዓበየ ውቅያኖስ'ዩ። ዕምቆቱ ድማ ካብ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ዝለዓለ'ዩ። ኣንታርክቲክ ውቅያኖስ ዝብል ካልእ መጸውዒ ዘለዎ ደቡባዊ ውቕያኖስ እቲ ራብዓይ ዕቤት ዘለዎ ውቅያኖስ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝነኣሰ ውቅያኖስ ዓለም ድማ ኣርክቲክ'ዩ።

## ሕቶ ንሃብሮም

1. ኣተኩሮ (focus) ንምህላው ዝሕግዝ ክፋል ዓይኒ እንታይ'ዩ?

ሀ. ጸላም ዓይኒ ለ. መርዓት ዓይኒ ሐ. ጉልባሽ መ. ረቲና

2. የማናይ ሸነኽ ሓንጎል ንጸጋማይ ኢድ ይእዝዝ።

ሀ. ሓቂ ለ. ሓሶት ሐ. መልሲ የለን

3. ፐንሱሊን ዝመሃዘ ሊቕ ስሙ።

ሀ. ካርሎስ ሊናውስ ለ. ኣሌክሳንደር ፍለሚንግ ሐ. ግሪጎሪ መንደል መ. ሊ ዩንግ

4. ካብዘን ዝስዕባ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ኣህጉር ኤስያ ትዳውብ ኣውጽእ።

ሀ. ግብጺ ለ. ሊብያ ሐ.ሞሮኮ መ. ሱዳን

5. ሕብሪ ደምና ቀይሕ፡ ሰማያውን ጻዕዳን'ዩ፡ ብኸመይ?

### መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶ ንሃብሮም

1. መ 2. ለ 3. ሐ 4. ሀ 5. መ






## ክብርታትና መርሓና !

# ሳዋን ጸሓይን

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

ጸሓይ ጽላልካ ይግበረልካ ትብል ነበረት ዓባየይ ንግሳይ ክትምርቕ እንከላ። ሳዋ በጺሐ ክሳብ ዝምለስ ድኣ ዕድመ ኣይሃባን እምበር፡ ዝበለትኒ ምርቓ ኣብ መዓላ ከም ዝበጽሐ ክዝንግዑ እደሊ ነይረ። ግዳ ጸሓይ ሳዋምበር ዓባየይ ንግሳይስ ምሳይ ኣይጸነሐትን። እቲ እንተዘይመትከን ጥዕና ኣለክን ትብሎ ዝነበረት ኣብኣ በጺሐ፡ ነገር ዓለም ዛዚማ። ግዳ ምርቕኣ ብድሕረኣ እናተሰወጠኒ መጺኡ። ነዚ ካብ ዝናብን ጸሓይን ንኽዕቅለ ጽላል ጒቲሩ ዝኸይድ ሰብ 'ጸሓይ ጽላልካ ይግበረልካ' ኢልካ ክትምርቖ ይወሓጠለይ ኣይነበረን። ምስቲ ካልእ ምርቓ ሓዊሳ ትብሎ ብምንባራ'የ፡ ምርቓ ኢለ ዝቐበሎ ዝነበርኩ። ክራማት ጉዲፍካ፡ ዓመት ምሉእ ጸሓይ ሓመድ ንእትጒበረኒ ሰብ ከምዚ ዝመስል ምርቓ ምሃብ ከ እናበልኩ ምስ ነብሰይ ዝተዛረብኩሉ ግዜያት ባዕለይ ይቑጽሮ። ግዳ ልቢን ሳዕርን እናሓደረ ዝበቍል ስለዝኾኑ፡ እነሆ ርእሰይ ጸሓይ ሳዋ ዘይከላ ጸሓይ ኣስመራ ብከዋኽብቲ ክትጸውተሉ ምስ ጀመረት ጣቋ እዚ ምርቓ ወግዒ ኢሉለይ። ሓራኻት ከዩብዛሕኩ ትርጉም እዚ ምስላ ኣብ ዝኸድካ እንተኸድካ ጸሓይ ኣይተሕምቐካ ንምባል'ዩ። ትርጉም እዚ ምስላ ካብ ቀደም እንተዝርድኣኒ፡ ንጸሓይ ሳዋ ኣብ ምድኻም ክሳብ ክንደይ ምሓዝኪ ነይሩ ባዕለይ'የ ዝፈልጦ። ንሓደ ኣብ ብዓል ኣንታርክቲካ ዝነበር ንጸሓይ እንተተሰከማ 'ውን ተንድድ ዘይመስለ፡ እዚ ምርቓ ብታሕጓስ ልቡ ምጨደዶ። ኣረ ምተሸጠ። ኣብ ብዓል ካምቦድያ ምርቓ ዝሸየጠሉ እዋን ነይሩ ይብሃል'ዩ። ኣየዚ ናተይ ነገር።

ከምዚ ከማይ ንዓለም ብእግሪ ይኹን ብንቡብ ዘወር ኢሉ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ካብ ጸሓይ ሳዋ ትሕይል ጸሓይ ኣላ እንተበልካዮ መሳገም ክዕንካ ይቐደልካ ይኸውን። ብኣኡ እንተሓለፈልካስ ደሓን ዲኹም ዝበልኩም። ግርጭ ዘለ ሓቂ ዘስማዕካዮም ገለ መንእሰያት ዓለም ካልእ ይጒበሩ ምንባሮም ምወሰኹሉ እንዶ። ግዳ ይጽንሓለይ! ክሻብ ሎሚ ይጽንሓለይ እናበልኩ ዘጽናሕክዎም ነገራት ማእሊያ የብሎምን። ብዓንደ ርእሱ ብዛዕባ ጸሓይ ሳዋ ክጽሕፍ እናበልኩ ዘሕለፍክዎም እዋናት ብዙሓት'የም። ግዳ ከምቲ ውኻርያ ንኹሉ ግዜ ኣለዎ ዝበለቶ እነሆ ብዛዕባ ጸሓይ ሳዋ ክጽሕፍ በቒዐ። እቶም ከኣብ ግዝኦም ዝተፈላለየ ሕብሪ ኣካላትን ሓሳባትን ሒዞም ዝወረዱ ተማሃሮ መንእሰያት ሓደ መሲሎም ምስ ጸንሑኒ'የ፡ ክጽሕፍ ዝቐልኩ። ሓይሊ ጸሓይ ሳዋ ሓደ ዝገበሮም መንእሰያት ብሓደ መኣዝን ክኸዱ ክትርኢ ሓደ ምዃን ዘለዎ ጽባቐን ሓይሊን ይብርሃልካ። ሓደ ንምዃን፡ ሓደ ዓቢ ምኽንያት ከም ዘድሊ ዝኾነ ብዛም ከምዚ ከማይ ክርድኦ ይኽእል። ብዙሓት ፍልልያት ሓደ እዋን እንተማእዚንካዮም መሰርዕ ዝሕዙ ይመስለካ። ነገቢዩናም፡ ሰባት ይኹኑ ሓሳባት ዝያዳ ፍልልያቶም፡ ሓደ ንምዃን ብልሒ ከናድዮ ከም ዝግባእ ጸሓይ ሳዋ ትምስክሮ'ያ። ሓንቲ ጸሓይ ንብዙሓት ሰባት ከከም ዝደለይዎ ክትትኻሎም ከም ዘይትኽእል ብሓደ ሓያል ጸርጊ ትኣደሎም። ጸርጊ ሓደ ምዃን!

ጸሓይ ሳዋ ኑቶም ባህሎም ንምንጽብራቕ ሳዋ ዝወረዱ ወናማት ኣድሚቓቶም ቀንያ። ኑቲ ኣኣብ ዘለዎ ኣናይ በይኑ መጸባበቒ ዝጥቀም ባህለኛ፡ 'ኣይትሸገር' ብዘስምዕ ቃና ብናታ ጽባቐ ኣሰንያቶም። ኑተን ሩባ ዝወርዳ ዝመስላ ሃንቀሃንቃ ኣልቢሳተን። ኑቶም ጸሓይ ንምምስጋን ክደርፉ ዝደለዩ መድርኽ ኮይናቶም። ኑቶም ምድሪ ንምድናቕ ሳዕሊ እናበጽሑ ምድሪ ዝድሰቑ ኣባጽሕ፡ ድልዳለ ኣብራኽ ሂባቶም። ኣይሓመቑላን፡ ከም ጭንጭራ ኣብ ትሕቲኣ ደሚቖም። ኑተን ጸሓይ ከይትዓርበን ምስኣ እናተቐዳደማ ዝጥሕናን ዝልንቅጣን ዝነበራ መርዑ፡ ብጽባቐ ዕርቢታ ኣሰንዚራተን።

ኣብ ወናም ዝሓዝዩቶም ወናማት ኣይተሳእኑን። ኣብ ቆራሪ ከበሳ ኣካላቶም ንምፍታሕ ኣዕጫው ዘንድዱ ዝነበሩ ኣባጽሕን ጒራዙን ኣብ ምቕታ ስሒናም። ኣርባሰይ! ዘለ ፈታው ያታ መለኡ'ዩ። ኑቶም ባህሎም ከም ጸሓይ ንምድማቕ ምስ ያታ ፊፈው ዝብሉ መንእሰያት፡ ባህልኻ ከም ጸሓይ ደሚቑ ንኽነብር፡ ዘዩቋርጽ ቀጻሊ ሓይሊ ከም ዘድሊ ጸሓይ ሳዋ ብድንቅነት መስኪራ። 'በዂሪ ጓልካ ትንፍዓልካ' ደዩ ዝተመሰለ?

መንእሰያት ካብ ሕሉፍ ወለዶ ንዓኦም ዝመስል ባህሊ ኣናደዮም ምስ ኑብሶም ከጠዓዕምዎ ቀንዮም። ከጸብቕዎ ንዝደለዩ ሕሉፍ ጽባቐ፡ ኣሰሩ ኣናደዮም ኣብ መንገዶም ከሕብርዎ ኣብ ህርታ ምውራሖም ዘንጸባርቕ መብቌል ዝጨኑ ያታ ኣቕሪቦም። ወናም ዘማእከሎ ባህሊ፡ ንሕሉፍ ናይ ምኽልኻል ያታኦም፡ ሽግራት ናይ ምፍታሕ ሜላኦም፡ ጼጋታት ናይ ምምቓል ልምዶም፡ ብልሻወ ናይ ምዕራይ ጥበቦም፡ ንሓድሕድ ናይ ምድናቕን ምምስጋንን ኣግባቦም፡ ኣበራቶም ናይ ምእራምን ምግሳጽን ክእለቶም………. ከንጸባርቑ ቀንዮም። መሰረት ህላወኦም ዝኾነ ባህሊ ከሐድሱን ከውርሱን ኡኑት ኢለ ላሕታ በሊያም ቀንያቶም።

'ወኒ ዘይስንዝሮን ከበሮ ዘይብርብሮን የልቦን' ይብሉ ጻዕዳ ክርስትያን። ሳላ ወኒ ውሽጢ ሰብ ንግዳም ክፈታስ ቀንዱ። እተን ብንኡሰን ዝተመርዓዋ፡ እቶም መርዓቶም ዝተኸልኡ፡ እቶም ብሸርፈጥ ብዓቲ ጋርዮም ዝሓገዙ፡ እቶም ንስለ ዓዶምን ከባቢኦምን ሻፎ ዝመረጹ፡ እቶም ንጽባቐ ሚዶ ካብ ኣፍ ኑብሪ ዝመንዝዑ፡ እቶም ብፍትወት ኑብሲ መፍቶ ሰይጣን ዝኾኑ፡ እተን ንስለ ኪዳን ይቕረታ ዝዓጠቓ፡ እተን ንመርዓን ደርዓን ከም ዝኣኸላ ክሕብራ ኣእዛንን ጸጒረንን ሰልማት ዘጌጻ፡ ንሱብ ጽባቐ ዝደለያ እናመሰላ መልእኽቲ ዘስርጻ ቈናጁ…….. ኣረ ኣብ ሳዋ ኣየናይ ጽባቐን ጥበብን ዘይቀንየ። ኣነ 'ውን እዚ ነገር ከኣብ ዝፈልጥዎን ንኽብልዎ ፍቓደይናታት ዝኾኑ ክኢላታት ባህሊን ከምእርር ኣብ ቀውዒ'የ ቀንየ። ሽፋፊንካዮ ዝብል ኣንባቢ ኣይሰኣንን። ንወየ ባሕሪ ዝንእሶ ባህሊ ሰረውኡን ምሕጹን ከላሊ እንተፈቲኑ ክራማት 'ውን ከምዝይኣኽለኒ እፈልጥየ። እፈትንየ ዝብል ሓያል እንተተረኽበ ግና ዳንጋ ይሃቦ። ወድሓንኩም።







---

# በትሪ መርዓት

መርዓት ንቡርክን ኣጥፊእክን ተባሂለን ኣድጊ ሰሪረን (ክዘክሮ'ኳ ተጸልኣኒ) ንዓደን ይምለሳ። እቲ ዘገርም ነገር ድማ እተን ከምኡ ዝኾና ኣዋልድ'የን ብጸርፊ ክስሃላኣ ዝቐንያ። እንተስ ፈትያ ወይ ተጋግያ ብዝገበረቶ ስሕተት ድማ ልባ ተሸዊሩ ይቕኒ። ይፈለጥ ኣይፈለጥ እቲ ነዚ ስሕተት ዝፈጸመ ጒበዝ በረኻኡ ተሸሪቡ ይውርሕ። ነውሪ ከም ዝፈጸመ ተረዲእዎ ብስክፍታ ተበሊዑ ይውርሕ። ግዳ ክንዲ ናይ መርዓት ኣይሰቀቕን። ዋላ'ኳ እታ መርዓት በዚ ናይ ሓንሳብ ስሕተት ንዘመጽእ ግዜ ከም ሓያም ተጸብጺባ ትመርያ፡ እቲ ወዲ ግን ሃገርገር ዝበለ ዳስ ተተኺልዎ ከም ሓድሽ ይምርያ። ወዮ ጓል ኣቐዲማ እንተሓቢራ'ዩ ክምርዓዋ ወይ 'ውን ክኽሕሳ ዝድለ'ምበር፡ ብዕበጦ ዕበጦ በቕሊ ሰሪረን እንዳ መርዓዊ በጺሐን 'ኣይጠዓያን' ተባሂለን እንተተመሊሰንስ ግዳይ ዋሬዳ መርዑን ኣውዳልን ዓዲ'የን ዝኾና።

መልሓስ መፍለስ ዶ ተደሪርኪ ኔርኪ

ክሳድ ክሳድ ህባ ዝለመድኪ።

እዞም ስድራ'ኺ ልቦም ተደፊኑ

ቀይሕ ክዳን ምርኣዩ ዝሰኣኑ።

ዘይተዘርበ መሬት ብእዋኑ

ጽምዲ ብዕራይ ዶ ኣሕሊፉልኪ ኮይኑ።

ተሸፊኒ ወጮ ተሸፊኒ'የ

ንሱስ ከይዱ በረኻ ምሕዳሩ'የ።

ኣደይ እኪሊት ደቅ'ኸን ሓልዋ

ከይመጻክን ዝለመዳ ጣዕዋ።

ኢልካ ዘይውዳእ ናይ ጸርፊ ደርፉታት'ዩ ዘለወን። ኣወዳት ግና ነዚ ኣብ መርዓት ዝዘንብ ጸርፊ ምጽዋር ይስእንዎ'ሞ ቅጥን ኢሉ ርሑስ በትሪ ቈሪጾም ኣብ ኢዶም ይሕዙ። ንወዮ ክጸርፉ ኢለን ኣብ ማዕጾ መርዓት ዝተኣኻኸባ ኣውላድ ብወዮ በትሪ ይሰሃልወን። ናብ ስላዕ ብዕራይ ገጹ ዝኸደ ዘሰምብር እምበር ዘይሰብር በትሪ ብምኳኑ ክሳብ ኣጸቢቐን ዝርሕቃ ብወቕዒ ይጒይወን። ክሳብ ዝእውያ እንተ ተወቒዓ 'ውን ዝዘሪ ስድራ የልቦን። ዘይሰምዓ እናኾና'ምበር ከምኡ ኢለን ክደርፋን ክዘልፋን ዝደሊ ኣካል እቲ ሕብተተሰብ ዋህራር'ዩ። ሓብቶም ትኹን ጓል ዓዶም ብኽምዚ ኣግባብ ክትዝለፍ ዝሰምዑ ኣጒባዝ ዓዲ ብዘይ ንሕስያ ከሳጒግወን ይኽእሉ። 'ልቢ እንተልይኩም ምኣሰርኩም ዓርከኹም።' ኢለን ይደርፉሎም። ግዳ ክሳብ ኣእውየን ዝዓርቕ ዝረኽባ ኣይሓድግወንን። ብፋላይ እቲ ንኽምኡ ኢሎም ዝቘረጽዎ በትሪ ኣብ ኢዶም ክሳብ ዘሎ ንማለቱ ንሕስያ የብሎምን። ነዚ ንኽምዚ ዝጥቀምሉ በትሪ'ዮም ድማ 'በትሪ መርዓት' ኢሎም ዝጽውዕዎ። እምበር እተን ምስ መርዓዊ ኣብ እንዳሑማኦን ትሕጽን ዝጥርያ መርዑስ ንዓኣን ተባሂሉ ዝስራሕ በትሪ የብለንን። ንቐላጠ(በትሪ መርዓዊ) ትሕቲ ማእሲ እናሓብኣ'የን ኣብ ምሕላው ዝሓግያ።



# ካብዝግትን

ዓንዶም ጸጋይ

## ሳፋሪ ፓርክ

ናብ ኣፍሪቃዊ ሃገር ኬንያ ይትረፍ'ዶ ንምዝናይ ዝኸድ፡ ንህጹጽ ስራሕ ዝኸድውን ከይተዓዘቦ ዘይምለስ ቦታ'ዩ፡፡ ሳፋሪ ፓርክ ዘመናዊ ዝኾነ ናይ ኢጋደሽ መዕረፊ፡ ብሉጽ ቤት መዘክር መስተን ዝሓቖፈ'ዩ፡፡ ብዘይካዚ ኑቶም ኣብ



እዚ ሓደ ካብ ዝበለጹን ዝፍለጡን መካነ እንስሳ "ሳፋሪ" እዩ፡፡ ዝጠዘለ እዋን ብሳፋሪ ፓርክ ዝፍለጥ'ዚ ወቂብ መካነ እንስሳ ንበጻሒ ብዝስሕብ ዕመር ኣግራብ ዝተኸበ ኣገዳ ልሙዕ ቦታ'ዩ፡፡ ኣብዚ ፓርክ ብዓይነትን ቁጽርን ብርክት ዝበሉ እንስሳታት ይርከቡ፡፡ ዘራፍ፡ ኣንበሳ፡ ኑበራ፡ ኣድጊ በረኻ፡ ሓራምዝን ሓራግጽን ገለ ካብቶም ኣብዚ መካነ ዝርከቡ እንስሳታት'የም፡፡ መዕረፊ ቦትኦም ብዋዕብኦ ንዘተዓቕቡ እንስሳታት ንምርኣይ ዘገልግላ ክፉታት መኪይንን ኣውቶብሳትን ውን ዘጠቓልል'ዩ፡፡ ብብዙሓት በጻሕቲ ዝእንገድ ስፍራ ሳፋሪ ፓርክ ኣብ ዓለም ካብ ዝርከቡ ካልኦት ብሳፋሪ ዝስውዑ መካነ እንስሳታት ብዕብየቱን ብጽባቐኡን ዝለዓለ ኣድናቖት ዝረኸበ ሓበን ኣፍሪቃን ሃገረ ኬንያን ዝኾነ ስፍራ'ዩ፡፡

# ደረጃ መዕርፎ ነፈርቲ ዓለምና



ኣብ ዓለምና ብስፍሓቶም፣ ብደረጃ ኣቀራርብኦም፣ ብዝህብኦ ኣገልግሎትን ካልእን ዝፈላለዩ ብዙሓት መዕርፎ ነፈርቲ ኣለዉ፡፡ ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ዊኪፔዲያ ኣብ ዓለም ብደረጃ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መምዘኒታት መሪሕ ስፍራ ዝሓዙ መዕርፎ ነፈርቲ እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡፡

ብስፍሓት ዝዓበየ መዕርፎ ነፈርቲ

ብዘለዎ ስፍሓት መሬት ዛጊት ክሳብ ሕጂ መወዳድርቲ ዘይረኸበ መዕርፎ ነፈርቲ እቲ ኣብ ዓረባዊት ሃገር ስዑዲ ዝርከብ ብ 'ንጉስ ፋሃድ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ' ዝፍለጥ መዕርፎ ነፈርቲ'ዩ፡፡ እዚ ኣብ 1999 ኣገልግሎት ምሃብ ዝጀመረ መዕርፎ ነፈርቲ 36.75 ትርብዒት ኪ.ሜ ዝበጽሕ ስፍሓት ኣለዎ፡፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣውራጃ ሃገረ ስዑዲ ዝተደኮነ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ንጉስ ፋሃድ ኣብ ውሽጡ ሆቴላትን ኣብያተ መሳጊድን ዝተፈላለዩ ናይ መዘናግዒ ቦታታትን ዝሓዘ'ዩ፡፡

ብደረጃ ህንጻቱን ጽባቐኡን ዝበለጸ መዕርፎ ነፈርቲ

ኣብ ማእከል ቱሪዝም ዓለም ዝኾነት ከተማ ዱባይ ተደኲኑ ዝርከብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ዱባይ፣ ብብጽባቐኡ መሪሕ ስፍራ ዝሓዘ'ዩ፡፡ እዚ ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ኢልካ ክትገልጾ ከተማ ክትብሎ ዝቐልል መዕርፎ ነፈርቲ ብርክት ዝበለ ጎደናታት ዘካተተ ኮይኑ ነፍስ ወከፍ ጎደና ድማ ብብሉጽ ኣባይቲ ዝተኸበ'ዩ፡፡ ዘመናዊ ሆቴላት ምዕቡል ናይ ጅምናዝዩም ማእከልን መዘናግዒ ስፍራታት ዝሓዘ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ዱባይ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ስርሑ ዝጀመረ ምልኩዕ መዕርፎ ነፈርቲ'ዩ፡፡

ጽዑቅ ናይ በረራ ጎዕዞ ዝካየደሉ መዕርፎ ነፈርቲ

ኣብ ኣሜሪካ ከተማ ኣትላንታ ተደኲኑ ዝርከብ መዕርፎ ነፍርቲ ሃርትስፊል ብጻዕቂ ምንቅስቓስ ተገልገልቲ ቀዳምነት ዝሓዘ'ዩ፡፡ብመሰረት ዝተረኽበ ኣሃዝ መዕርፎ ነፈርቲ ሃርትፊልድ ኣስታት 85, 907,423 ተጎዓዝቲ ካብን ናብን እታ ከተማ ብምጉዕዓዝ'ያ ኣብ ደረጃ መስርዕ ናይ ቀዳማይ ስፍራ ዝረኸበ፡፡

# ህልኽ ሳምሱንግን ኣፕልን ናበይ ገጹ?



ኣብዚ ዘለናዮ ምዕቡል ዘመን ኣብ ምህርቲ ኤለክትሮኒክስ ብፍላይ ድማ ፍርያት ተንቀሳቐስቲ ቴሌፎናት ዝሰርሑ ትካላት ዘርእዮኦ ውድድር ንተጠቃሚ ዘሕጉሰን ንዚያዳ ምህርቲ ምዕቡላት ሞባይላት ዘደንፍዕን'ዩ፡፡ ኣፍረይቲ ትካላት ኣፕልን ሳምሱንግውን ኣካል ናይዞም ዝተጠቕሱ መፍረ ምዕቡላት ሞባይላት'የን፡፡ ዓመታዊ ኣብ ዕዳጋ ብዘዘርግሕኦ ፍርያት ድማ ኣብ መሪሕ ስፍራ ደርኪቦ፡፡ እዘን ክልተ ዓርሞሽሽ ትካላት ኣብ ንሓድሕደን ዘሎ ህልኽ ልዑል ኮይኑ ኣብ ስርሓተን ጽበለልታ ንምርካብ ወትሩ ኣብ ከቢድ ምርምር ምስ ተጸምዳ'የን፡፡

ብኣሜሪካውያን ዝተመስረተ ኩባንያ ኣፕል፡ ማብቆሉን ወግዓዊ ቤትጽሕፈቱን ኣብ ኣሜሪካ ኮይኑ ዝበዝሐ ካብ ምህርቱ ኣብ ኣሜሪካን ሃገራት ምዕራብን ይሸየጥ፡፡ ብኣንጻሩ ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝመደበሩ ኩባንያ ሳምሱንግ ድማ ንዕዳጋታት ኤሲያን ኣፍሪቃን ብሓቲ'ዩ፡፡ እዘን ክልተ ትካላት ንኑዮም ቀንዲን ሃንደስቲ ምዕቡል ኣሰራርሓን ንዝኾነ ሰራሕተኛታተን ብዙሕ ደሞዝ ከምዝኸፍላ'ዩ ዝንገር፡፡ ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ድማ ካብ ትካለን ወጺኦም ናብ ካልእ ንከይግዕዙ ብምስጋእ'የን፡፡ ምህርቲ ናይዘን ትካላት ኣብ ኑሓድሕዱ ብዙሕ ተመሳሳልነት ክህልዎ እንከሎ ብኣንጻሩ ድማ መለለዪአን ዝኾነ ናተን ቅዲ ዘኩተተ'ዩ፡፡ ኩባንያ ኣፕል "ኣይፎን" ብዝብል ስም ብሉጻት ሞባይላት ክፍሪ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን፡ ኩባንያ ሳምሱንግ ድማ "ጋላክሲ" ዝተሰመያ ዘመናውያን ሞባይላት ክፍሪ ጀሚሩ፡፡ ኩባንያ ሳምሱንግ ዋላ'ኳ ኣብ ዓለም ብምህርቲ ሞባይላት ዝለዓለ መኽሰብ ዝረኸበ ትካል እንተኾነ ንቕልጡፍ ናህሪን ምዕባለ'ቲ ኣብ ምህርቲ ኮምፒዩተራት ዝለዓለ ኣታዊ ዝረከበ ትካል ኣፕል ብስጉኣት ብምጥማት ኣብዚ ቀረባ ግዜ ምህርቲ ኣፕል ዝኾና ኣይፎናት ሞባይል ኣብ ደቡብ ኮርያ ወግዓዊ ጨንፈር ከይትኸፍት ትቃወም ኣላ፡፡ ብተመሳሳሊ'ውን ኩባንያ ኣፕል ፍርያት ሳምሱንግ ዝኾና ሞባይል ኣብ ኣሜሪካ ብዙሕ ዕዳጋ ንከይህልወን ኣብ ዓቢ ቅልስ ከምዝተጸምደት ይሕበር፡፡

## ብደቂ ኣንስትዮ ዝጸላኣ ባህርያት ደቂ ተባዕትዮ

- ትዕቢት

ልዕሊ ዝኾነ ነገር ንደቂ ኣንስትዮ ዘጽልኣንን ዘሕርቐንን ባህሪ ደቂ ተባዕትዮ ትዕቢት'ዩ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ዋላ'ኳ ህርኩት፡ ምሁር፡ ሃብታም፡ ለባም፡ ምልኩዕ፡ ህቡብ፡ በዓል መዝርግ ዝኾነ ሰብ ይፈትዋ እንተኾና ብዘለዎ ነገራት ዝዕበን መን ከማይ ዝብል ሰብ ኣዝየን 'የን ዝጸልኣ፡፡

- ምምራር

ኩሎም ኣብ ጉዕዞ ሂወት ዝህልዉ ነገራት ብኸምቲ እትደልየም ዝኸዱ ኣይኮኑን፡፡ እዚ እቲ ሓቂ ክነሱ ብዙሓት መንገዲ ህይወት ብዝሓሰቡዎ ስለ ዘኸደየማርሩ፡ደቂ ኣንስትዮ ንኸምዚ ባህሪ ዘንጸባርቕ ወዲ ብፍጹም ኣይፈትዋን'የን፡፡ ብዘኾነን ዘይኮነን ዝማርር ወዲ ተባዕታይ ኣዝዩ'ዩ ዝጽልኣን፡ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ወዲ ተባዕታይ ጸዋር ክኸውን ኣለዎ ኢለን ስለዝኣምና'ዩ፡፡



- ሓላፍነት ዘይምስካም

ብደረጃ ኣተሓሳስባ ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ተባዕትዮ ሓላፍነት ናይ ምስካም ዝለዓለ ኢድ ከምዝለዎም'ዩ፡፡ በዚ መንጽር'ዚ ድማ ንዝኾነ ዝተፈጥረ ነገር ካብ ሓላፍነት ዝሃድም ወይ ድማ ሓላፍነቱ ናብ ካልእ ሰብ ናይ ምድርባይ ባህሪ ዘለዎ ወዲ ተባዕታይ ኣዝዩ ከም ዘህርረን ከም ዘጽልኣንን ይግለጽ፡፡

- ብኽያት

ካብ ኣብ ኣዝዩ ዘሕዝን ኢጋጣሚ ወጻኢ ኣብ ቅድሚ ደቂ ኣንስትዮ ምብካይ ኑቲ "ሱብኣይ" ዝጸዋዕካ ባህሪ ዝድውን'ዩ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ብባህሪአን ኣብ ዝኾነ ሽግር ብስምዒት ምብካይ ንዕኣን ጥራይ ዝምልከት ጌረይ'የን ዝሓስባ፡፡ ከም ኣካልጻን ወዲ ወይ ሰብኣይ ኣብ ዝኾነ ሽግር ርጉእን ተረርን እምበር ብቐሊሉ ስምዒቱ ዝጉዳእን ኣይምስልል'ዩ፡፡ በዚ ድማ ብቐሊል ዝጉዳእን ዝበኽን ወዲ ተሰብሪን ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዝጎደለን ኮይኑ'ዩ ዝስመዓ፡፡

## ዓብይቲ ሰባት እንታይ ይብሉ?

- ብሰብ ምግባር ክቡር ዘይጸግም ሰብ ምሉእ ኣይኮነን፡፡
- ዓቕሚ ልቢ ካብ ብሉጽ ኣእምሮ'ዩ፡፡
- ዓለምና ንኸሎ ድሌታትና ከተማልኣልና ትኽእል ትኸውን፡ ንስስዕና ዝኸውን ቦታ ግን የብላን፡፡
- ኩሉ ክትከውን እንተፈቲንካ ሓንቲ'ኳ ኣይትኸውንን ኢኻ
- ጌጋ ናይ ሰብ ክትጻወር እንተዘይክኢልካ ኣይተፍቐር፡፡
- ንሓደ ሰብ ክትፈትዎ ሰዓታት፡ ክተፍቅሮ መዓልታት፡ክትርስዖ ግና ናይ ሂወት ዘመንካ ይሓትት፡፡
- ክትሓልሞ ትደሊ ሕልሚ፡ ክተብጽሖ እትደልዮ ቦታ ብጹሕ፡ ክትኮኖ እትደልዮ ኩን፡ ምኽንያቱ ዘሎካ ሂወት ሓንቲ ስለዝኾነት፡፡
- ንንእሽ ርእሰኻ ካብ ካልኦት ኣብሊጽካ ካብ ምርኣይ ዝኸፍእ ምትሓል የለን፡፡

# ስፖርት

ሃብቶም ጺጋይ

## ላምፓርድ ናብ ማንሲቲ ኣቕኒዑ



ድሕሪ ናይ 13 ዓመታት ጸንሖት ካብ ለንደናዊት ክለብ ቸልሲ ወጺኡ ናብ ኣመሪካ ዘቕነዐ እንግሊዛዊ ፍራንክ ላምፓርድ ደጊሙ ናብ እንግሊዝ ምምጽኡ ተሓቢሩ። ምስ ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ንምጽዋት።

ላምፓርድ ወላእኳ ምስ ኒውዮርክ ሲቲ እንተፈረመ እታ ሓዳስ ኣመሪካዊት ክለብ ክሳብ መጋቢት 2015 ጸወታታት ስለዘይትጅምር ኣባላታ ናብ መሻርኽታ ክለባት ክትሰዶም ኢያ ጸኒሓ። ክለብ ማንሲቲ ሓንቲ ካብተን መሻርኽቲ ክለባት ኒውዮርክ ሲቲ ብምዃና ድማ ላምፓርድ ንሹዱሽተ ኣዋርሕ ምስታ እንግሊዛዊት ክለብ ክጸንሕ ኢዩ። ኣመሪካዊት ክለብ ኒውዮርክ ሲቲ ብሽርክነት ወነንቲ ክለብ ማን ሲቲን ኣመሪካዊት ናይ በይዝ ቦል ጋንታ ኒውዮርክ ያንኪስ ትውንን ምዃና ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ምስዛ ጋንታ ዝፈረሙ ተጻወትቲ ኣቐዲሞም ናብታ ካልእ መሻርኽተን ዝኾነት ኣውስትራልያዊት ክለብ መልቦርን ብመልክዕ ልቓሕ ክግዕዙ ምጽንሖም ይጥቐስ። እዚ ተርእዮ ድማ ንኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር ዘቐጥዐ ከምዝኾነ ብተወሳኺ ተገሊጹ።

## ኣብቲ ቀዳመ ሰንበት ...

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ብርክት ዝበሉ ክለባት ኤውሮጳ ግጥማት ኣካይደን ነይረን። ናይ ሱፐርካፕ ግጥማተን ንምኪያድ ናብ ከተማ በይጂን (ቻይና) ዝምርሓ ክለባት ፈረንሳ ፒኤስጂን ጉንጋምፕን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፣ ፒኤስጂ ብሸቶታት ዝላታን



ኢብራሂሞቪች ተሓጊዛ 2-0 ብምዕዋት ዋንጫ ሱፐር ካፕ ፈረንሳ ኮይና። ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ሆላንድ ሱፐር ካፕ፣ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዋንጫ ሆላንድ ንሻምፒዮን ክለብ ኣያክስ ጉድ ዝገበረት ክለብ ዚቮልም ሕጂ እውን ደጊማ ንኣያክስ 1-0 ረቲዓ ተዓዊቲት ሱፐርካፕ ሆላንድ ክትከውን በቒዓ። ውድድራት ሻምፒዮን ክለባት ፈረንሳን ሆላንድን ዝመጽእ ቀዳመ ሰንበት ክጅመር ኢዩ።

መዳለዊ ምሕዝነታዊ ግጥማት ዘካየዳ ክለባት ኤውሮጳ ንዝመዛዝንአ ውጽኢት ምስ እንምልከት ድማ ኣብ እንግሊዝ ንልምምድ ዝቐጸት ባርሴሎና ምስ ፈረንሳዊት ክለብ ኒስ 1-1 ተፈላልያ። ንሌላኩ ዝወሰት ኤቨርተንን ፖርቱጋላዊት ክለብ ፖርቶን ድማ ብተመሳሳሊ 1-1 ወጺአን።

> ### “ሊቨርፑል ንባሎቴሊ ኣይተፈርምን ኢያ”
> ### ብረንዳን ሮጀርስ
>
> ንምውጻእ ልዊስ ስዋረዝ ተኽቲሉ ምስ ዝተፈላለዩ ኣጥቃዕቲ ስማ ክለዓል ዝጸንሐት ክለብ ሊቨርፑል ንኢጣልያዊ ማሪዮ ባሎቴሊ ከምዘይተፈረሞ ኣሰልጣኒኣ ብረንዳን ሮጀርስ ገሊጹ። ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ተካይዶ ዘላ ምሕዝነታዊ ግጥማት ዝምስገን ብቕዓት ተርኢ ከምዝላ ዝነገረላ ሊቨርፑል ዛጊት 6 ተጻወትቲ ኣፈሪማ ኣላ። ይኹን እምበር ኣብ ቦታ ምጥቃዕ ዝኾነ ተጻዋታይ ኣየፈረመትን። ነቲ ካብ ለል ዝዴደጉዩ ቤልጁማዊ ኦሪጂ ተመሊሱ ምስ ለል ክጻወት (ብልቓሕ ክቕጽል ብምፍቃዳ) ከኣ ቦታ ስዋረዝ ኣይተተክአን። ዝኸን ኣሰልጣኒ ሮደጀርስ ኣብ ልዕሊ ባሎቴሊ ዘለዎ ኣድናቖት ምግላጹን ምርኩብ ብምግባር ከኣ፣ ጋዜጣታት እንግሊዝ ባሎቴሊ ናብ ሊቨርፑል ከምዝርሕ ክበላ ቀኒየን። ዚ ኣመልኪቱ ግን ሪጀርስ ሊቨርፑል ነቲ ተጻዋታይ ንምግዛእ ዝኾነ መደብ ከምዘይብላ ብምግላጽ እቲ ዜና ሓሶት ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።
>
> 

## እንታይ ከ ደብዛል ኣሎ ?



- ኣርሰናል ኣብ ልዕሊ ፖርቱጋላዊ ኣካፋላይ ዊሊያም ካርቫዮ ዘለዋ ትኹረት ትደፍኣሉ ምህላዋ ተገሊጹ። ኣቐዲሙ ብክለቡ ስፖርቲን ሊዝቦን 35 ሚልዮን ፓውንድ ዝተተመነ ካርቫዮ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ዋጋኡ ናብ 25 ሚልዮን ፓውንድ ብምውራዱ ከኣ እቲ ሃድን ኣርሰናል ክሰልጥ ከምዝኽእል ይንገር።
- ክለባት ማርሰይን ሩሲያዊት ዲናሞ ሞስኮን ኣብ ጉዳይ ፈረንሳዊ ቫልቡየና ኣብ ስምምዕ ብምብጽሐን እቲ ፈረንሳዊ ኣካፋላይ ናብታ ሩሲያዊት ክለብ ተሰጊሩ።
- ኒውካስል ንኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ክለብ ሻኽታር ዶኔስክ ሻኩንዶ ንሓደ ዓመት ብልቓሕ ኣፈሪማቶ። እዚ ኣጥቃዓይ ንብታ ናይቲ ናብ ኣደ ክለቡ ከውፒኣር ዝተመልሰ ሪሚ ክትትክእ ትጽበት ይግበረሉ።
- ኣልጀርያዊ ኣጥቃዓይ ክለብ ኢንተር ሚላን - ታደር ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ሳውዝሃምፕተን ተሰጊሩ። ብመንጽሩ ድማ ኦስቫልዶ ካብታ እንግሊዛዊት ክለብ ናብ ኢንተር ተጸንቢሩ። ናይ ክልቲኦም ተጻወትቲ ውዕል ናይ ሓደ ዓመት ናይ ልቓሕ ስምምዕ ኢዩ።
- ሓለፍቲ ክለብ ጁቬንቱስ ኣርቱሮ ቪዳል ካብታ ጋንታ ክወጽእ ምስ ዝደሊ፣ እታ ክለብ ክትሕዞ ከምዘይትኽእል ገሊጾም። ኮይኑ ግን እቲ ተጻዋታይ ናብ ዝደልዮ ክለብ ክኸይድ፣ እታ እትደልዮ ክለብ ከኣ ነቲ ተጻዋታይ ገንዘብ ክትሰልዕ ከምዝድልያ ኣገንዚቦም። ቪዳል ብክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ይህደን ኣሎ።
- ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኣይቮሪኮስት ንፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ ሬናርድ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኣይቮሪኮስት ክኸውን መዚዝዎ። ኣብ ዋንጫ ሃገራት ኣፍሪቃ 2012 ንሃገራዊት ጋንታ ዛምቢያ ብምዕላም ታሪኻዊ ዓወት ዘዝዘማ እቲ ፈረንሳዊ፣ ንብታ ሰብሪ ላሙቺ ኢዩ ተኪኡ። ኣሰልጣኒ ሬናርድ ኣብቲ ናይ 2012 ውድድር ዋንጫ ኣፍሪቃ ምስ ሞሪኖ ብዝመሳሰል ቅዱን ቤታ ኣብ ጸወታ ዝኸደና ጸዕዳ ካምቻኡን ዝያዳ ይለለ።

> ## ሓጺር ዜና . . .
>
> - ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ልዊስ ቫን ጋል ድሕሪ እቲ ናይ ኣመሪካ ምድላዋቱ ውዱእ መዋቕር ክለቡ ከምዝፍልጥ ሓቢሩ። ዛጊት ካብታ ክልተ ተጻወትቲ ኣፈሪማ ዘላ ማን ዩናይትድ ዝወጹ ተጻወትቲ ኣይተፈልጡን። ይኹን'ምበር ከም ናኒ ዛሃን ፈላይኒን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ፣ ስልቲ ኣጸዋውታ ቫን ጋል ከምዘይሰማምዖም ይንገር።
> - ሆሴ ሞሪኖ፣ ብምኽንያት ዴቪድ ልዊስ ኣብታ ጋንታ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ከምዝቐለ ገሊጹ። ቸልሲ መተካእታ ናይቲ ናብ ፒኤስጂ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ዝተሰጋገረ ብራዚላዊ ብዘይምምጻኣ ናይ ተኸላኸልቲ ሕጽረት ከምዘጋጥማ ዝተሓተተ ሞሪኖ፣ “ካብ ዴቪድ ልዊስ ምሓዙ ብዘይ ዴቪድ ልዊስ 50 ሚልዮን ፓውንድ ምውናን ይብልጽ” ምባሉ ንብዙሓት ኣገሪሙ።
> - ልዊስ ስዋረዝ ነቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2014 ድሕሪ ዘርእዮ ዘይስፖርታዊ ተግባር
>
> 
>
> ካብ ፊፋ ዝተዋህቦ እገዳ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ድሕሪ ዘቕረቦ ናይ ይግባይ ሕቶ፣ መቕጻዕቱ ካብ ኣርባዕተ ወርሒ ናብ ክልተ ወርሒ ክጎድሎ ከምዝኽእል ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ ስዋረዝ ምስ ክለቡ ልምምድ ክፍቀደሉን ብወግዒ ኣባል እታ ክለብ ኮይኑ ክቐለጽን ከምዝኽእል እቲ ሓበሬታ ይውስኽ። እቲ ናይ ይግባይ መልሲ ዓርቢ 8 ነሓሰ ክሕበር ኢዩ።
> - ምስ ክለብ ሮማ ንምጽንባር ኣብ ደርኩኹት ዝርከብ ካሜሩናዊ ሳሙኤል ኤቶ ብዕድመ ኣመና ዝደፍአ ከምዝኾነ ኣሰልጣኒ ከውፒኣር ሂሪ ሬድናፕ ተዛሪቡ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ክለብ ቸልሲ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዝተዋህበ ኤቶ ዕድሚኡ ካብቲ ንሱ ዝገልጾ ንላዕሊ ምኻኑ ዝገለጸ ሬድናፕ ክለቡ ንኣሽቱ ተጻወትቲ ንምፍራም ከምትሰርሕ ኣብሪሁ።
> - ኣብ ስኮትላንድ ኣብ ዝቐየድ ዘሎ ውድድራት ኮመን ዌልዝ ወኒ ክብረ ወሰን ናይ 800 ሜትሮ ኬንያዊ ዳቪድ ሮዲሻ ብጦካሰዋናዊ ተበሊጹ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሓዚ።
> - ኣብ ስታንፎርድ፣ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ባይታ ተኒስ ውድድር ኣመሪካዊት ሰሬና ዊልያምስ ንጀርመናዊት ኣንጀላ ከርበር ብምርታዕ ተዓዊቲት ኮይና።

## ቫለንሲያ ዋንጫ ኢመሬትስ ዓቲራ

ዓመታዊ ብኣእንጋድነት እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ዝቐየድ ውድድር ኢመሬትስ ካፕ ብዓወት ስጳኛዊት ክለብ ቫለንሺያ ተዛዚሙ። እቲ ዝሓለፈ ቀዳመሰንበት ዝተኻየደ ውድድር ንክለባት ኣርሰናል፣ ቫለንሲያ፣ በንፊካን ሞናኮን ዘሳተፈ ኢዩ ነይሩ። ቀዳም ኣብ ዝተጌበረ ክልተ ጸወታታት ፈረንሳዊት ክለብ ሞናኮን ቫለንሲያን ብናይ ሓባር ዓወት 2-2 ክፈላለያ ከለዋ፣ ኣርሰናል ድማ ንሻምፒዮን ክለባት ፖርቱጋል በንፊካ 5-1 ኣሰኒፋታ። ኣብቲ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ያያ ሶኖን ደሚቑ ዝወጻሉ ጸወታ፣ ኣርባዕተ ሽቶታት ብምምዝጋብ ሱፐር ሃትሪክ ሰሪሑ። ጆይል ካምፐል ድማ ንዝተረፈት ሽቶ ኣርሰናል ኣበርኪቱ። ብናይ ቀዳም ገፊሕ ዓወት ሞራል ሰኒቓ ሰንበት ምስ ሞናኮ ደጊማ ዝተጻወተት ኣርሰናል ኣብ ቅድሚ ደገፍታ ብሸቶ ኮሎምቢያዊ ኮኾብ ኣጥቃዓይ ፋልካኦ ተረቲዓ ብምውጽኣ ከኣ፣ ነታ ብኢመሬትስ ካፕ ትጽዋዕ ዋንጫ ናብታ ኣቐዲማ ንበንፊካ 3-1 ዝሰዓረት ቫለንሲያ ከተረክብ ተገዲዳ። ኣብዚ ንሻውዓይ ግዜኡ ዝቐየድ ውድድር ክለብ ኣርሰናል ኣብዚ ናይ ምስግጋር ወቕቲ ንዘኽዘኽኦም ሳንቾዝ ደቡቺን ቻምበርስን ከተሰልፎም እንከላ፣ ብቕዓት ሳንቾዝ ግን መሳጢ ዘይምንባሩ ተሓቢሩ።

# ዕጡቓት ዒራቕ ክልተ ከተማታት ይቆጻጸሩ

ብርሃን ምሕረትኣብ

## ሓይሊ ኣየር ሩሲያ ኣብ ልምምድ

ሓይሊ ኣየር ሩሲያ ኣብ ጥቓ ዶብ ዩክሬን ጸዑቕ ወተሃደራዊ ልምምድ የካይድ ከምዘሎ ቢቢሲ ሓቢሩ። ኣብቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ልዕሊ 100 ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ኩናት ሩሲያ ይሳተፋ ከምዘለዋ እቲ ምንጪ ገሊጹ።

ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ።
ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ኣብ መንጎ ሰራዊት ዩክሬንን ዕጡቓት ሚሊሻን ዝካየድ ዘሎ ውግእ ኣብ ዝቐጸለሉ ዘሎ እዋን ዝሓለፈ ሰንበት ብውሑዱ 9 ሰላማውያን ሰባት ከምዝተቐትሉ ተሓቢሩ።



ሓይሊ ኣየር ሩሲያ ዘካይዶ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ ናብ ዩክሬንን ኣብ ጎና ዝተሰለፉ ሃገራት ምዕራብን ዝቐንዐ መልእኽቲ ከምዘለዎ ተንተንቲ የረድኡ።
ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር፡ ኣብ ሓለዋ ምብራቓዊ ዶብ ተዋፊሮም ዝነበሩ 438 ወተሃደራት ዩክሬን ብሓባር ናብ ሩሲያ ኢዶም ከምዝሃቡ ንምንጪታት'ቲ ከባቢ ብምጥቃስ ሓይልታት ዩክሬን ኣብ ምብራቓዊ ዞባታት ዶኔትስክን ሉሃንስክን ብዘካይድዎ ዘለዉ ደብዳብ ከቢድ ብረት ሓያሎ ሰላማውያን ሰባት ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ከምዝኾኑ'የም ጸብጻባት ዘጽንዑ።
ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብቲ ሰራዊት ዩክሬን ኣንጻር ሚሊሻታት'ታ ሃገር ዘካይድዎ ዘለዉ ኩናት ዛጊት 1129 ሰባት ከምዝሞቱ ይሕብር።



ዕጡቓት ዒራቕ ክልተ ከተማታት'ታ ሃገር ከምዝተቖጻጸሩ ይግለጽ ኣሎ። ብመሰረት ሓበሬታ ቢቢሲ፡ ኣብ ሰሜናዊ ዒራቕ ዝርከብ ሲንጃርን ዛማርን ዝተባህላ ከተማታት ድሮ ኣብ ኢድ'ቶም ዕጡቓት ወዲቐን ኣለዋ።
እቶም ኣቐዲሞም ብ'ኣይ.ኤስ.ኣይ.ኤስ' ዝብል መጸውዒ ዝፍለጡ ዝነበሩ ዕጡቓት "እስላማዊት ሃገር" ብዝብል ሓድሽ ስም ይንቀሳቐሱ ከምዘለዉ ይግለጽ።
እቶም ሰዓብቲ ሱና ዝኾኑ ዒራቓውያን ዕጡቓት ድሮ ንሓያሎ ከተማታት'ታ ሃገር ከምዝተቖጻጸሩ ክፍለጥ እንከሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሶርያ'ውን ኣንጻር መንግስቲ ባሻር ኣልኣሳድ ይዋግኡ ምህላዎም ጸብጻባት የመልክቱ።
ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዕጡቓት ተቓወምቲ ዒራቕ ብዘኽፈትዎ ሓድሽ መጥቃዕቲ ብውሑዱ ልዕሊ 200 ሽሕ ሰባት ኣባይቶም ገዲፎም ክሃድሙ ከምዝተገደዱ የረድእ። እቲ ውድብ ከምዝሓበሮ፡ እቶም ተመዛበልቲ ብሕጽረት መግቢ፡ መድሃኒትን ካልኦት መሰረታውያን ነገራትን ይሳቐዩ ኣለዉ።
እስላማውያን ዕጡቓት ዒራቕ፡ ኣብዚ ሳልስቲ ኣብ ጥቓ ከተማ ዞማር ንዝርከብ ክልተ ዒላታት ነዳዲ'ውን ከምዝተቖጻጸሩ'የም ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ዝገልጹ።
ብዘውሰኸ እቶም ዕጡቓት ኣብ ዒራቕ ዝዓበየ ምኻኑ ንዝነገረሉ ዲጋ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ምእታዎም ተፈሊጡ። ብዘይካ'ዚ እቶም ዕጡቓት ኣብ ከባቢታት ከተማ ጃፍር ኣንጻር ሰራዊት ዒራቕ ኩናት የካይዱ ምህላዎም'ዩ ዝሕበር።
ኣብ ዒራቕ ብሰንኪ ኩናት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ከምዝተመዛበለ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክት።

---

## ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ባንግላዴሽ ልዕሊ 200 ተሳፈርቲ ዝጸዓነት ጃልባ ብምግምጣላ ህይወት 10'ታት ሰባት ከምዝጠፍአ መርቡብ ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ።
ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ብዘገበርዎ ህጹጽ ጻዕሪ ኣስታት 100 ሰባት ብህይወት ክድሕኑ እንከለዉ፡ ደሃይ ናይቶም ዝተረፉ ግን ዛጊት ኣይተፈልጠን። ዛጊት ውሑድ ሬሳታት ከምዝተረኽበን ኮቲ ኩሉ ሬሳታት ክሳብ ዝርከብ ጻዕርም ከምዝቐጽሉን ኣፈኛ ናይቶም ሰራሕተኛታት ገሊጹ።
ኣብ ባንግላዴሽ ብተደጋጋሚ እዋን ብሓደጋ ጃልባ ህይወት ሰባት ከምዝጠፍእ'ዩ ዝሕበር። ዝሓለፈ ግንቦት ሓንቲ ጃልባ ብምግምጣላ ኣስታት 50 ሰባት ከምዝሞቱ ናይ ሸዑ ጸብጻባት የረድኡ።

***

እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ ደብዳብ 9 ሰራሕተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከምዝተቐትሉ ተሓቢሩ። ብሰራዊት እስራኤል ዝተተኮሰ ቦምባታት ከቢድ ብረት ኣብ ልዕሊ ሓያሎ ትካላት ናይቲ ውድብ ከምዝወደቐን ኣብኡ ተዓቚቦም ዝነበሩ ቁልዑ ዝርከብዎም 10'ታት ፍልስጤማውያን ከምዝተቐትሉን ምንጪታት'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።
እስራኤል ብ8 ሓምለ ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ደብዳብ ካብ እትጅምር ዛጊት ልዕሊ 1800 ፍልስጤማውያን ከምዝተቐትሉ ሱብ-መዚ ሕክምና ይሕብሩ።

***

ኣብ ቻይና ብዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብውሑዱ 400 ሰባት ከምዝሞቱ ቢቢሲ ሓቢሩ። እቲ 6.1 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ዝሓለፈ ሰንበት'ዩ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ'ታ ሃገር ተኸሲቱ።
መንግስቲ ቻይና ድሕር'ቲ ሓደጋ ኣብ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ህይወት ኣድሕን ዝሳተፉ 2500 ወተሃደራት ናብቲ ቦታ ከምዝለኣኸ ኣፍሊጡ። በቲ ሓደጋ ልዕሊ 1800 ሰባት ከምዝቖሰሉን ልዕሊ 40 ሽሕ ኣባይቲ ከምዝዓነወን ተፈሊጡ'ሎ። ቻይና ነቶም ብዘይ ኣባይቲ ዝተረፉ ዜጋታታ ዝኸውን ግዝያዊ መጽለሊ፡ ክዳን፡ መግብን መድሃኒትን ናብቲ ቦታ ከምዝለኣኸት ትገልጽ።

***

ልዩ ያንያ ዝተባህለት ጓል 57 ዓመት ቻይናዊት ኣብ ከተማ ቻንግቹን ኣብ ዝርከብ መንበሪ ገዛኣ 11 ሳንቲሜተር ዝንውሓቱ ካራ ናብ ርእሳ ተሸኺትዋ ከም ዝተረኽበት ተፈሊጡ።
ናብ ገዛ ተምርሕ ዝነበረት ጓላ ከቢድ ድምጺ ምስ ሰምዐት ብጉያ ከም ዝኣተወትን ኣደኣ ነዊሕ ካራ ኣብ ርእሳ ተሸኺትዋ ኣብ እግሪ እቲ ናይ ላዕለዋይ ደርቢ መደያይቦ ኮፍ ኢላ ከም ዝረኸበታን ሓቢራ። ሰዓት ናይቲ ኻራ ጥራይ ይረአ ከም ዝነበረ እውን ኣረዲኣ።
ካራ ኣብ ውሽጢ ሽክናኣ ኣትዩዋ ዝነበረት ልዩ ክሳዕ ኣብ ሆስፒታል ትበጽሕ ንቕሕቲ ከም ዝነበረት ተገሊጹ ኣሎ። መጥቃዕቲ ተገይሩ እቲ ካራ ምስ ወጸአ እውን ኣእምሮኣ ንጹህ ክትዛረብን ክትከይድን ትኽእል ከምዝነበረት ሓደ ካብቶም ሓካይም ገሊጹ።
ክፍሊት ናይቲ ሕክምና ግና ሰፍ ዘይብል ስለ ዝነበረ ጓላን ሰብኣይ ጓላን ገዝኦም ሸይጦም ክዕድዩ ከም ዝተገደዱ ንምንጪታት ቻይና ዝተወከሱ ማዕከናት ዜና ዓለም ሓቢሮም።



***

ኣቦ-መንበር ባንክ ህንዲ ሱድሂር ኩማር ብላዕ ብምቕባል ተጠርጢሩ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተወ ንምንጪታት ፖሊስ'ታ ሃገር ብምጥቃስ ቢቢሲ ሓቢሩ።
ሱድሂር ኩማር ስልጣኑ ተጠቒሙ ንገለ ኩባንያታት'ታ ሃገር ልዕሊ ገደብ ልቓሕ ኣፍቂዱ ዝብል ክሲ'ዩ ዝቐርበሉ ዘሎ። ንሳተን ብወገነን ናይ 82 ሽሕ ዶላር ብላዕ ከምዝሃብኦ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት መርመራ ህንዲ ገሊጹ።
ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናረንድራ ሞዲ ኣብዚ ዓመት'ዚ ስልጣን ካብ ዝሕዙ፡ ፖሊስ'ታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን ናይ ብልሽውና መርመራታት የካይድ ምህላዉ'ዩ ዝግለጽ።
ኣንጻር ብልሽውና መርመራታት ንምኽያድ፡ ፖሊስ ህንዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ኣቦ-መንበርን ካልኦት 20 ጥርጡራት ትካላትን ብዘካየዶ ተፍትሽ፡ ኮምፒተራት፡ ሰነዳትን ገንዘብን ከምዝሓዘ ይገልጽ።